ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 360 26 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ሰሉስ

ገጽ 3
"ንእስራኤል እገዳ ኣጽዋር ክጥበረላ ምተገብአ" ኣመሪካዊ ፕሮፌሰር

ገጽ 5
ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ መካዙትን ተወፋይትን


ገጽ 8
ኣሚሽ


ገጽ 11
ደሃይ ቩልታ እስጳኛ


ገጽ 12
ሰራዊት ኣረን ሰብኣልቦ ኣሩሪት እስራኤል ከምዝወቐ ገለጸ


# "ነጋድያን ፈስቲቫል ዘርኣዩዎ ስነ-ስርዓት፡ ንጭውነት ኤርትራውያን ዝምስክር'ዩ" ኣኽበርቲ ጸጥታ




ስ/ሳልሕ ዓብደልቃድር

"ባህሊ - ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 16 ነሓሰ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ኣብ ዝቐየ ሃገራዊ ፈስቲቫል ነጋድያን ዘርኣዩዎ ስነ-ስርዓት፡ ንጭውነት ኤርትራውያን ዝምስክር ምኳኑ፡ ኣብ ምኽባር ጸጥታ ዝተዋፈሩ ገሊጾም።

ንሳቶም፡ በጻሕቲ ኪኖ'ቲ ኣብ ፈስቲቫል ንዝቐረበ ትሕዝቶ ብተመስጦ ምዕዛብ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ካብ ምኩብባርን ሰላም ምብህሃልን ሓሊፎም ዝኾነ ናይ ምርባሽ ተርእዮ ሰለዘየርኣዩ፡ ኑቲ መመሊሱ ዝድራዕ ዘሎ ስኒትን ምኩብባርን ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ሓላፊ ሺፍት ኣሃዱ ምክልኻል ገበን ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣቶ ተኽለማርያም ወልደየሱስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፈስቲቫል ካብ ዝጅመር ንመዓልቲ ብ3 እብረ 120 ኣባላት ፖሊስ ኣብ ሓደ እብረ እናተመደቡ ክሰርሑ ከምዝጸንሑ፡ ጻዕቂ በጻሕቲ'ኳ እንተነበረ ዘኾነ ከቢድ ገበን ከምዘይተፈጸመ ብምንጻር፡ እዚ ድማ ሳላ ተወፋይነት ኣባላት ፖሊስን ኣባላት ሃማመተኤን ዘይትኮ፡ ብቐንዱ ሳላ ጭዋ ባህልን ልምድን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ምኳኑ ኣነጺሩ።

በጻሕቲ ብወገኖም፡ ካብ ምእታው ክሳብ ንኩሉ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ዝተዋደደ ትሕዝቶ ምዕዛብ ዝኾነ ጸገም ከምዘየጋነፎም፡ እዚ ድማ መርኣያ ፍቕርን ስኒትን ከምዝኾነ ጠቒሶም፡ ንዝተኻየደ መደብ ብኹሉ ጸጥታዊ ሸነኻቱ ዕዉት ክኸውን ንዝጸዓሩ ኣባላት ፖሊስን ሃማመተኤን ኣመስጊኖም።

ኣባል ሃማመተኤ መንእሰይ ሚሮን ኣብርሃ ብወገኑ፡ ኑቲ ኣብ ምእታው ዘሎ መስርዕን ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዝካየድ ንጥፈታትን ምስ ኣባላት ፖሊስ ንምትሕግጋዝ፡ ኣስታት 300 ኣባላት ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኣብ ንጡፍ ስራሕ ከምዝቐነዩ ገሊጹ።

***

# "ብዖሚኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ፈስቲቫል ቀሪቡ ዘቐየ ትሕዝቶ፡ ታሪኽ ኣብ ምስዖጋር ዓቢ ተራ ኣለዎ" ክኢላታት

ብመኩሃን ኀቫሰን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014 ቀሪቡ ዘቐየ ልዕሊ 35 ስርሓት ቅርጻን ቅብኣን፡ ኣብ ምንጽብራቕ ሕሉፍ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራን ምውርራስ ታሪኽን ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝለዎ፡ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ገሊጾም።

ኣብቲ ምርኢት ቀሪቡ ዘሎ 25 ቅብኣ፡ ብፋይበር ግላስ ጀሶን ዕንጸይትን ዝተሰርሐ ልዕሊ 10 ቅርጺ ኮይኑ፡ ንጅግኖትን ተወፋይነትን ህዝብን ተጋደልትን፡ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ዓውድታት ወግእን ውዕሎኦምን ከምኡ'ውን ዝተራእየ ትብዖት፡ ጅግንነትን ተወፋይነትን ዘንጸባርቕ'ዩ።

ኣብ መኩሃን ኀቫሰን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓላፊ ባህልን ስነጥበብን ሌተናል ኮሎኔል ክብሮም ዓንደሚካኤል ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ስነጥበባዊ ፍርያት፡ ንጅግንነትን ጅግንነትን ተጋዳላይ፡ ሓፋሽ ውድባት፡ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ብቐንዱ ድማ ህዝቢ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ታሪኽ ኣብ ምስዖጋር ዘለዎ ተራ ብቐሊል ከምዝይጥመት ብምጥቃስ፡ ብዐብይትን ንኣሽቱን ነጋድያን ልዑል ኣድናቖት ምርካቡ፡ ዝሓዘሎ መልእኽቲ ብግቡእ ከምእተመሓላለፈ ዘጸር ምኳኑ ኣረዲኡ።

ስነጥበበኛታት መንእሰያት ሰለሙን ኣብርሃን ኣቤል ብርሃነን ብወገኖም፡ ንጅግንነት ተጋደልትን ህዝብን ኤርትራ ንምግላጽ ዘቐረብዎ ቅብኣን ቅርጻን፡ ዕላማኡ ነጋድያን ንሕሉፍ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ክፈልጡ ምኳኑ ኣብሪሆም።

ነጋድያን ኣብ ዝሃብዎ ርኢዮ፡ እቲ ስነጥበባዊ ምርኢት ንድሕሪት ተመሊስካ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝበረ ጅግንነት፡ ጽንዓትን ተወፋይነትን፡ ከምኡ'ውን ዝተሓለፈ መከራን ዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋን ዘኩልሕ ብምኳኑ፡ ታሪኽ ኣብ ምዕቃብን ናብ ወለዶታት ኣብ ምትሕልላፍን ዘህልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ስለዘይግመት፡ ብግቡእ ክዕቀብ ዘለዎም ጽኑዕ እምነት ገሊጾም።

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ጅዳ፡ ልምዓታዊ መደባት ንምድንፋዕ ኣበርክቶኦም ከምዘዕዝዙ ኣረጋጊጾም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ጅዳን ከባቢኣን - ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ብስሙር ሓድነቶም ሽርሕታት ተጻባእቲ ብምፍሻል፡ ልምዓታዊ መደባት ሃገሮም ንምድንፋዕ ከም ወትሩ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ቅሩባት ምኳኖም ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ነዚ ዝገለጹ፡ ብ21 ነሓሰ ምስ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ'ታ ሃገር ኣቶ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ ኣብ ዝገበርዎ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣቡዳቢ፡ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ሃገር ዘትዮም





ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣቡዳቢን ከባቢኣን - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ብ22 ነሓሰ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ሃገርናን ኣበርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ መደባትን ዝምልከት ዘተ ኣካዪዶም።

ኣምባሳደር ዑስማን መሓመድ-ዑመር ንቶም ዜጋታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐየድ ዝከበረ ተጻብኦታትን ሸርሕታትን ብጽኑዕ ሓድነትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እናበርዓነን እናማህመነን ይኸይድ ከምዘሎ ብምብራህ፡ ንዘሕለፍናዮ ተመኩሮታትን ዝጸበዩና ዘሎ ዕማም ልምዓታዊ መደባትን ብዝርዝር ገሊጹ።

ኣምባሳደር ዑስማን ኣብ መወዳእታ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣቡዳቢን ከባቢኣን ኣብ ሃገራዊ መደባት ንዘጸንሖም ተራ ብምምጓስ፡ ብዝሓየለ ውዳበ ክቕጽልዎ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ከም ወትሩ ሓድነቶም ዓቂቦም ንኹሉ ተጻብኦታት ከምኩቱ ድልውነቶም ብምግላጽ፡ ኣበርክቶኦም ኩቡ ኩብሉን ተሳትፎኦም ከሐይሉን ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ዘቤታዊ ፍወሳ ማይ ኣብ ምንካይ ማይ-ወለድ ሕማማት ልዑል ተራ ከምዘለዎ፡ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ተገሊጹ

ዘቤታዊ ፍወሳ ማይ፡ ኣብ ምንካይ ዝተፈላለዩ ማይ-ወለድ ሕማማት ልዑል ተራ ከም ዘለዎ፡ ብ19ን 20ን ነሓሰ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ዘቤታዊ ጥቕሚ ንዘውዕል ማይ ብጽሬት ምሓዝን ስሩዕ ክትትል ብምክያድ ምንጪ ማያት ውሑስን ካብ ብከላ ናጻ ምግባርን ኣብ ጥዕናዊ መዳይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ከጥቀስ እንከሎ፡ ብከላ ማይ ንምክልኻል - ናይ ባህሪ ለውጢ ምምጻእን ንቕሓት ሕብረተሰብ ምብራኽን ወሳኒ ከምዝኾነ በሪሁ።

እቲ ብዓውደ ስራሕ ዝተሰነየ ኣስተምህሮ፡ ብቐንዱ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ኣተዓቃቕባ ማይ ክብ ንምባል፡ ማይ-ወለድ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻለን ከም ዝሰርሑ ኣከባብያዊ ጥዕና ንምሕያልን ኮይኑ፡ ኣገባብ ዘቤታዊ ፍወሳ ማይን ምሕደራኡን ናብ ህዝቢ ብምስራጽ፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ንምትእትታው'ዩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምንጪ ማያትን ምሕደራኡ፡ ርሕቀት ምንጪ ማይ ካብ'ቲ ህዝቢ ዝነብረሉ ከባቢ፡ ከምኡ'ውን ቀጻልነት ንጥፈታት ከም ዝሰርሑ ከባብያዊ ጥዕና ኣብ ዝበለጹን ካልኦትን ዛዕባታት ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ ጠንቂ ዝኸበሉ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ጉድለት ጽሬት ምንጪ ማይን ዝጥቀሙሉ ናውትን ከምዝኾነ ኣየገዝቡ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ኑቲ ተርእዮ ንምጉዳልን ንምክልኻልን ኣብ ዝቐጽል ንክፍለ ኣስተምህሮን ተሳታፍነቶም ክብ ከምዝበሉ ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዶክተር የውሃንስ ተኸስተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዘይውሑስ ቀረብ ማይ ኣብ ማሕበራ-ቁጠባዊ መነባብሮና ዝህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ህዝቢ ውሑስን ጽሬቱ ዝተሓለወን ማይ ንኽረክብ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዝቐጽል ዘሎ ጻዕሪ እጃሞም ከበርክቱ ተላብዩ።

ዘቤታዊ ፍወሳ ማይ ብቐሊሉ ክትግበር እትኽእል ኣገባብ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሓላፊ ኣሃዱ ከባብያዊ ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ማና የውሃንስ፡ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ንኸውዕልዎ ብምልባው፡ ኣብ ዝካየድዎ ንጥፈታት ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ጎድኖም ከምዘሎ ኣረጋጊጹሎም።

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ጅዳ፡ ልምዓታዊ . . .

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

ርክብ'ዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣምባሳደር መሓመድ-ዑመር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሳላ ውህደት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢን ውፉይ መሪሕነትን፡ ኤርትራ ንዝተኣልመላ ናይ ምንብርካኽ ሸርሕታት ፈንጢሳ ኣብ ዘተኣማምን መድረኽ ዕብየት ደዩባ ምህላዋ ጠቒሱ፡ "ሕጂ'ውን ኩሎም'ቶም ሸርሕታትን ውዲታትን መልክዓቶም ክቕያይሩ'ምበር ክዓርፉ ስለዘይኮኑ፡ ትኩርነትና ብምሕያል ብትብዓት ክንገጥሞም ይግባእ" ክብል ኣስሚሩሉ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ዑመር ማሕሙድ ብዘይካ'ዚ፡ ንህሉው ኩነታት ዞባናን ዓለምን ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ገስጋስ ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን መዳያት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ብተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ከምዝመለሰ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

## መኣረምታ ብዛዕባ ጽንብል ምዝዛም ፈስቲቫል

ኣብ ግዜ ጽንብል ምዝዛም ፈስቲቫል ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፣ ". . . ካብ ድራማን ሙዚቃዊ ድራማን ዝበለጸ ኮይነን ዝተመርጻ፡ ብኤፍረም ካሕሳይ (ወዲ ኳዳ) ዝተደርሰትን ዝተኣልየትን 'ህያብ ደንደን' ቀዳመይቲ፣ ብማሕመድ ዓሊ ሓሰብ ተደሪሳ ዝተኣልየት 'ጥዕስ ዲማ' ካልኣይቲ፣ ብኣርያም ወልደኣብ ተደሪሳ ዝተኣልየት 'ክልተ ዕላማ' ሳልሰይቲ" ዝብል መግለጺ ከምእተዋህበን እዚ ድማ ኣብ ናይ ሰኑይ 25 ነሓሰ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ "ፈስቲቫል፡ ልዕሊ ቁጽርን ጽባቐን ዝኸይድ ጭውነት ህዝቢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ንሕትመት በቒዑ ከምዘሎን ዝፍለጥ'ዩ። እንተኾነ፡ እዘን ሰለስተ ስነ ጥበባዊ ፍርያት'ዚኣተን ሓደ ዓይነት ደረጃ ዝሓዛ'ምበር ቀዳመይቲ፡ ካልኣይቲ፡ ሳልሰይቲ ዝብል ተርታ ከምዘይተዋህበንን ብጌጋ ዝተዋህበ ሓበሬታ ከምዝነበረን ምስ ይቕሬታ ንሕብር።

ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ


## መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

ቁ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቁ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቁ.ሳ.ጳ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ. 200454-07121322


**ምልክታ**

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ

ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ



ኢ.ንጂ. ርስቶም በረኸት

# “ንእስራኤል እጉዳ ኣጽዋር ክየበረላ ምተገበአ”
## ኣመሪካዊ ፕሮፌሰር

ሪቻርድ ፎክ፡ ኣመሪካዊ ፕሮፌሰር ኣህጉራዊ ሕጊ'ዩ። ኣብ 2008 ብባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ንጉዳያት ሰብኣዊ መሰላት ፍልስጤም ንኽከታተል ተመዚዙ። ናይ ሸድሽተ ዓመት መዝነቱ ከኣ ኣብዚ ዓመት ወዲኡ። ንሱ ብዛዕባ ማእከላይ ምብራቕ ምስ ማዕከናት ዜና ቃለ-መሕትት ኣካይዱ ነይሩ - ጽሟቕ ትሕዝቶኡ ይስዕብ።



**• እስራኤል ኣብ ልዕሊ ጋዛ እተካይዶ ዘላ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ነቲ ካብ ጋዛ ዝተኲሰ ዝበረ ማጠን ሮኬት ኣብ ምጉዳል ተራ ኣለዎ ዶ?**

- ጸጉይ ሓበሬታ የለን። ኣብ ልዕሊ'ቶም ነቲ ሮኬታት ዘጻውዱን ዝተኮሱን ክሳብ ሞት ዝበጽሕ ሓደጋታት ከምዝወረደ ግን ርጉጽ'ዩ። እንተኾነ ንሓማስ ይኹን ካልኦት ሚሊሻ ደው ንምባል ዝገበሮ ኣእማኒ ጽልዋ ዛጊት የለን። ሓማስ ዘይቆጻጸርም ሚሊሻውን ኣብዚ ናይ ሮኬት መጥቃዕቲ ይዋፈሩ'ዮም። ሮኬት ክትኩሱ እንተዘይክኢሎም ድማ እስራኤል ንእትፍጽሞ መጥቃዕቲ ኣደም ኣጥፊርም ክዕዘቡ ኣለዎም ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ካብኡ ዝዐበ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የብሎምን። ብመሬት ይኹን ብኣየር ዋላ'ውን ብምድሪ ንእስራኤል ክብድህ ዝኽእል ወተሃደራዊ ዓቕሚ የብሎምን። እዚ ኩናት፡ ኩናት ሓደ ወገን ጥራይ እዩ - ኩናት እስራኤል። ከምዚ ዓይነት ኩናት ከኣ ብበሀራኡ ኣንጻር ሰብኣዊ መሰላት ወዲ ሰብ'ዩ።

**• ፍልስጤም ከም ሃገር ተፈላጥነት ዘይምርካቡ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘፍቅዶ ኑበሰ ምክልኻል ንኸይትገብር ይዕንቅጽ ዶ?**

- ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ብ29 ሕዳር 2012 ሓደ ውሳነ ኣሕሊፉ ነይሩ። ንፍልስጤም ከኣ ከም ዘይተዓዘበት ኣባል ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉዋ። እዚ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ከም ሃገር ከምዝተቐበላ'ዩ ዘርድእ። እዚ ብብዙሕ መንገድታት ክረጋገጽ ይኽእል። ፍልስጤም ኣባል 'ዩኔስኮ' እያ። ፍልስጤማውያን ንሃገራት ጥራይ ዝምልከት ልዕሊ 15 ውዕላት ፈሪሞም'ዮም።እንተዘይተጋጊየ ልዕሊ 130 መንግስታት ከም ሃገር ተቐቢሎማ'ዮም። በዚ መሰረት ፍልስጤም ንእስራኤል ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ብምኽሳስ ካሕሳ ክትሓትት ትኽእል'ያ።

**• ኣብዚ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ጋዛ እተካይዶ ዘላ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ተራ ኣመሪካ እንታይ እዩ?**

- ብርግጽ ኣመሪካ ሕጋዊ ተሓታትነት ኣለዋ።እንተወሓደ ብኽለሰ-ሓሳባዊ መዳይ ተሓታቲት'ያ። እስራኤል ትጥቀመሉ ዘላ ኣጽዋር፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ካብ ዘፍቅዶ ኩናት ወጻኢ ክውዕል ሕጋዊ ኣይኮነን። እዚ ዝርአ ዘሎ ግን ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ'ዩ። እዚ ካብ ኩነ እቲ ሓቂ ኣመሪካ ንእስራኤል ብምድጋፋ ጥራይ ተሓታቲት'ያ።

**• ብዛዕባ ምኽርዳን ጋዛ እንታይ ትብል?**

- ክርደና ጋዛ ሓደ መልክዕ ናይ ጃምላዊ መቕጻዕቲ'ዩ። እዚ ድማ ብመሰረት ስምምዕ ጀነቫ ዓንቀጽ 33 ውጉዝ'ዩ። ወሸመጥ ጋዛ ካብ መፋርቕ 2007 ጀሚሩ'ዩ ተኸርዲኑ ጸኒሑ። ኣንጻር ሓፋሽ ሰላማዊ ህዝቢ ፍልስጤም ዝቐንዐ ከኣ'ዩ። መባእታዊ ህይወት ንምምራሕ ዘገድሱ ከም መድሃኒትን መግቢ ዕለትን ከይተረፉ'የም ተኸልኪሎም። ብኣመለኻኽታይ ነቲ ቦታ ትቈጻጸር ዘላ እስራኤል፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ክርዲና ኣብ ክንዲ ተሳቒ ክትሕግዞ'ዩ ትጽቢት ዝገበረሉ።

**• እስራኤል ሓደ ሓደ እዋን ቅድሚ ምድብዳብ ብተሌፎን ተጠንቅቕ'ያ። እዚ ሰላማውያን ሰባት ኣብ ምድሓን ዕቱብ ጻዕሪ'ዩ ኢልካ ዶ ትኣምን?**

- ጋዛ፡ ተነጠልጢሉ ካብ ዘሎ ደቡብ ደብዳብ ንኽተምልጥ ዕድል ዘይህብ ኣከባቢ'ዩ - ዋላ'ውን ኣቐዲምካ እንተተሓበርካ። በዚ መጠንቀቕታ ዝድሓነ ህይወት ብርግጽ ኣይሰኣንን'ዩ። እቲ መጠንቀቕታታት ግን ብቐጻሊ ዝወሃብ ኣብ ርእሲ ዘይምኻኑ ሰፊሕ ዝርጋሐ'ውን የብሉን። ኣብ ወሸመጥ ጋዛ ህዝቢ ስደተኛ ኩይኑ ህይወቱ ዘድሕነሉ ዕድል የለን። ካብ ቦታ ሓደጋ ናብ ዝሓሸ ቦታ ክግዕዘ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ዝበዝሐ ኩናት ሃገራት፡ ዶብ ሰጊርካ ስደተኛ ትኸውን ዕድል ኣሎ። ኣብ ጋዛ ግን ከምኡ የለን። ነቲ ቦታ ሒዛ ዘላ እስራኤል ድሕነት ሰላማዊ ህዝቢ ክተረጋግጽ ግዴታ ኣለዋ። ብዘይካ'ቶም ናይ ካልእ ሃገር ፓስፖርት ዘለዎም፡ ዝኾነ ሰብ ክወጽእ ኣይተፈቐደሉን። ክልተ ዜግነት ዘለዎም 800 ዝኾኑ ፍልስጤማውያን ኣብ ጋዛ ኣለዉ። ካብዚኦቶም 150 ናይ ኣመሪካ ዜግነት ዘለዎም'ዮም። እዚኦቶም ናብ እስራኤል ክሰግሩ ዝተፈቐደሎም'ዮም። ብሓፈሻኡ ግና 1.7 ሚልዮን ደቂ ጋዛ ዝኾነ ዕድል የብሎምን። ካብቲ እስራኤል ዝፈጠረቶ ናይ ሓዊ ዞባ ክወጽኡ ኣይክእሉን። በቲ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ካብ ሞት ወይ ካብ መቑሰልቲ ከምልጡ እንተኽኢሎም፡ ብራዕዲ ዝኣክል ኣብ ዝኸፍአ ኩነተ-ኣእምሮ ወዲቖም ይርከቡ። ብፍላይ ከኣ ቈልዑ።

**• ኣመሪካ፡ ሕቡራት ሃገራት ንእስራኤል ንኸይከሱዋ ዘለዋ ተራ እንታይ ይመስል?**

- ኣመሪካ ንእስራኤል ዝኾነን ዝኾነ ቀያዲ ሕጋዊ ጽልዋ ዘይህብሮን ንእስራኤል ዘይወቕስን'ዩ። ኣመሪካ ኣብዚ ጌዜፍ ተራ ነይሩዋ።

**• ካብዚ ዝበልካዮ ነቒልካ ባይቶ ጸጥታ ብዝኾነ መንገዲ ጸገም የድልዮ እዩ ኢልካ ትኣምን ዶ?**

- ካብ ኩርናዕ ጠመተ ዓለማዊ ፍትሕን ተግባራውነት ኣህጉራዊ ግዝኣተ ሕግን ክትርእዮ ከለኻ፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰረታዊ ጸገም ምኽያድ ኣገዳሲ ስጉምቲ ምኾነ። በዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ግና ዝኽኣል ኩይኑ ኣይሰምዓንን። ምኽንያቱ ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብዘይ ፍቓድ'ዘን ናይ ቀውፊ መሰል ዘለወን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ/መኣረምታ ክትገብር ኣይክኣልን'ዩ። ዓይነት ውሳኔ ናይ ቀውፊ መሰላ ተጠቒማ ክትዓግቶ ምኻና ኣተንብሃ'ያ። ዝበዝሓ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ስጉምቲ ክውሰድ ደገፈን'ዮን። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ባይቶ ንምቍራጽ ተኸሲ ጥራይ እዩ ጸዊዑ። እዚ ከኣ ኣመሪካ እንተዘይከልኪለትካ ሩስያ ትኽልኣካ ወይ'ውን ቻይና። ናይ ቀውፊ ፍሉይ መሰለን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ እትደሊ ኣባል ሃገር የላን።

**• ንእስራኤል ናይ ኣጽዋር እገዳ ንኽየበረላ ትድግፍ ዶ?**

- ብርግጽ ምደገፍኩ። ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ልክዕ ውሳነ ኩይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። እስራኤል ብቐጻሊ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ኣህጉራዊ ሕጊ ክትጥሕስ ጸኒሓ'ያ። ንጻውዒት ማሕበረ ሰብ ዓለም ዕሽሽ ኢላቶ'ያ። ስለዝኾነ ዓለም ሰላማውያን ሰባት ንሓደጋ ክቃልዑ ከምዘይትጻወሮ ክተርእየሉ እትኽእል መንገዲ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ናይ ኣጽዋር እገዳ ምእዋጅ ጥራይ እዩ። ብዓይኒ ሓቂ እስራኤል ናይ ገዛእ ርእሳ ድልዱል ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ኣለዋ። ሓንቲ ካብተን 10 ቀዳሞት ኣጽዋር ንሰደድ ዝልእካ ሃገራት'ያ። ኣብዚ ደረጃ ኣመሪካን ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳን ናይ ኣጽዋር እገዳ ክድግፉ ዝውሓጠለን ኣይኮነን። ከምኡ እንተዝግበር ግን ኣገዳሲ ኣርኣያ ምኾነ።

**• ሓማስ ንህዝቢ ከም መከላኸሊ ዕርዲ ይጥቀመሉ ኣሎ ዝብል ዘረባ ሓቅነቱ ክመይ እዩ?**

- ብኣፍልጦይ ክሳብ ሕጂ ነዚ ዝድግፍ ጭብጢ የለን። ግደ ሓቂ እስራኤላውያን ኣብ 2008-2009 ናይ መሬት መጥቃዕቲ ኣብ ዘካየድሉ ዝበኩ እዋን ንህዝቢ ከም መኸወሊ ተጠቒሞምሉ'ዮም። ፍልስጤማውያን ከምኡ እንተገበሩ'ውን እስራኤላውያን ብቐጥታ ናብ ህዝቢ ክትኩሱ ቅቡል ኣይኮነን። ኩነ'ዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ዝሰገር ፍጹም ኣገዳሲ ወተሃደራዊ ዕላማ ክሳብ ዘይሃለዎም ማለት'ዩ።

**• እስራኤል ኣብ ጋዛ ገበናት ኩናት ትፍጽም ኣላ ኢልካ ዶ ትኣምን?**

- እወ። ከምዚ ክብል ከለኹ መሰረት ኣለኒ። ገበናት ኩናት ትፍጽም ኣላ ኣብ ዝብል መደምደምታ ንኽትበጽሕ ግን ስሩዕ ሕጋዊ ፍርዲ የድሊ። “ዝኾነ ገበነኛ፡ ገበናዊ ምኽኑ ክሳብ ዘይተረጋገጸ ንጹህ'ዩ።” ዝብል ኣበሃህላ ክስርሕ ባህርያዊ'ዩ።

**• ማጠኒ ናይዚ ቅልውላው፡ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ምስ ጭውያን ቅትለትን ናይቶም ሰለስተ እስራኤላውያን ኮተቴ'የን ዘተሓሕዝኦ። ነቲ ቀንዲ ጉዳይ ንኣብነት ከበባ ጋዛ ግና ይርስዕኦ'የን ኢልካዶ ትኣምን?**

- ነቲ ዝበሃል ርትዓዊ ንምምሳሉ ብእስራኤል ዝገበር ዘሎ ኣእማኒ ኣይኮነን። ዋሕዚ ሓበሬታ ንገዛእ ርእሱ ጥራይ ዘገልግል'ዩ። እስራኤል ኀቢጣ ዘላ ሃገር'ያ። ንሰላማዊ ሰብ ክትከላኸል ድማ ኣህጉራዊ ሓላፍነት ኣለዋ። ብዛዕባ'ቲ ብ12 ሰነ ዘጋጠመ ናይ ቅትለት ፍጻመ ድማ፡ እስራኤል ሓደ ርትዓውን ቅቡልን ተግባር ብምሕላፍ ክውድኡዎ ዓቕሚ ነይሩዎም። እንተኾነ ንፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሓማስ ካብ ምዕራባዊ ግምገም ንምድምሳስ ከም ቅድመ ኩነት ይጥቅምሉ ኣለዉ። ስለዚ እስራኤላውያን ዝ. ንእሹቶ ገበናዊ ፍጻሙ፡ ኣገዙ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ኣጀንዳኦም ንምዕማም ከም መመኽነይታ ይጥቀምሉ ኣለዉ። ሃገራዊ ጥሙሕ እስራኤል ንምዕራባዊ ገማግም ንምቍጽጻር'ዩ። እንተወሓደ ንዝበዝሐ ክፋሉ ብምቍጽጻር ንፍልስጤማዊ ተቓዋሚ ሓይሊ ንምእላይ እዩ እቲ ዕላማ።

**• ብመሰረት ኣዋጅ ምቍጽጻር ኣጽዋር 1976፡ ካብ ኣመሪካ ኣጽዋር ዝተቐበሉ መንግስታት፡ ነቲ ኣጽዋር ኣብ ሕጋዊ ኑበሰ ምክልኻል ጥራይ እየም ክጥቀምሉ ዘለዎም። ብመንጽር'ዚ ሕጊ፡ ኣመሪካ ንእስራኤል ዝሃበቶ ኣጽዋር ነዚ ሕጊ ይጥሕሶ ዶ ኣሎ?**

- ብርግጽ። እዚ ኩሉ ዝበልኩዎ ኣብ ግምት ብምእታው እስራኤል ሕጋዊ ኑበሰ ምክልኻል እገብር ኣለኹ ዝብል ዝኾነ ሕጋዊ፡ ሞራላዊ ይኹን ፖለቲካዊ መጎት የብላን። ብሓማስ ይኹን ጋዛ ዝኾነ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ የለን። ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ጋዛ ሓንቲ ሃገር ኣይኮነትን። እንታይ ደኣ ዝተጐበጠት ግዝኣት'ያ። ኣብ ሓንቲ እተመሓድራ ዘለኻ ግዝኣት ኑበሰ ምክልኻል እገብር ኣለኹ ክትብል ንዝኾነ ኣእምሮ ዘለዎ ወገን ንጹር ኣይኮነን።








# ፌስቲቫል 2014 ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ
















ስ/ሳልሕ ዓ/ቃድር
ኣማረሽ ጸጋይ
የማን ኣብርሀ
ዲዛይን ታእዛዝ ኣብርሃ

# ካብ ህደር ጀጋኑ

መሓመድእድሪስ መሓመድ

(23 ክፋል)

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ ማሃዙትን ተወፋይነትን



ስርሓት ጀርመን ዝኾና ማርቼድሳት

ሜጀር ገብረመስቀል ገብረገርግሽ (ፋየር) ኣብ'ቲ ነዊሕ ናይ ገድሊ ዓመታትን ድሕሪ ናጽነትን፡ ብዘይካ'ቲ ብዛዕባ ገድላዊ ኣበርክቶ ስውእ ሚካኤል ፍሰሃየ ብገዛእ ርእሱ ዘዋህለሎ ኣፍልጦ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንስውእ ሚካኤል መሳርሕቱን ቀረብቱን ዝነበሩ እናተወከሰ፡ ዛንታ መኳዓዝያን ዛንታ መሃዝነተን ተወፋይነትን ሚካኤል ብተኸታታሊ ክነቕርቦ ኣኺሊሉና ኣሎ።

ሓደ ካብ መሳሕርቲ ስውእ ኮልኔል ሚካኤል ፍሰሃየ፡ ኮሎኔል በረኸት ኣብርሃ (ፈንጂ) እዩ። ፈንጂ ብዛዕባ ስውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍሰሃየ ከም'ዚ ክብል የዘንቱ፣ "ሚካኤል ብቑልዓኡ ኣብ ቴክኒካዊ ዕዮ ስለ ዝኣተወ፡ ዝኾነ ነገር ንኽምህዝ ዘሸግሮ ኣይነበረን። ዕዮ ቴክኒክ ኣብ ደሙ ተሓዊሱ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ተፈጥሮኣዊ ብልሒ ነይሩዎ። ዝያዳ ኩሉ ድማ እምነት ስለ ዝነበሮ ኣብ ዕላምኡ ጽኑዕ እዩ ዝነበረ። ሚካኤል ፖሎቲካን ነቐፌታን ኣይፈልጥን እዩ። ንሱ ዝፈልጦ ነገር ናብ ስራሕ ምጉያይን ምቅድዳምን ጥራይ እዩ። ንየው ነጀው እናበለ ንኹሉ ዕዮ ክዓምም ይሃልኽ። ኣብ ገለ እዋን ካብ ጻዕቂ ስራሕ ዝተላዕለ፡ ኣቐዲሙ ዝጀመሮ ስራሕ ረሲዑ ኣብ ካልእ ዕዮ ይጽመድ"

ምስ ሚካኤል ንፈለማ እዋን ኣብ 1977 ኣብ ባጽዕ ኢና ተላሊና። ኣብ'ቲ ናይ ባጽዕ ውግእ ቀዳማይ ዙ23 ኣብ ባጽዕ ምስ ማረኽና፡ ትኪ ከምኡ'ውን ምብልሻው ስለ ዝነበሮ ፈቲሕና ክንውልውሎ ኣይከኣልናን። ኩሉ ሰብ ምስ ተሓለለ ከኣ፡ እቲ ብቴክኒክ ዝበሰለ ሚካኤል፡ ነጸላ ኣንጺፉ ነቲ ብረት ሰለስተ ግዜ ፈቲሑ እናገጠመ ነቲ ሸዑ ዝነበረ ሰብሃትለኣብ ምስ ኣርኣየ፡ ካብኡ ንንየው ኩላትና ፈቲሕና ክንገጥሞ ክኢልና። እዚ ናይ ፈለማ ሌላና ኰይኑ፡ ኣብ ምድምሳስ ውቃው እዝ ከኣ፡ ካብ ማርሳ ተኸላይ ታንክታት ጸላኢ ኣብ ምውጻእ ዝገበሮ ኣበርክቶ እዝክር። ሚካኤል፡ ዝለዓለ ኢንጅነር ውድብ ህዝባዊ ግንባር ነይሩ ክብል እኽእል። ንሕና ጥራይ ዘይኰንና ኩባንያ ማርቼድስ'ውን መስኪሮምሉ'ዮም። ሚካኤል ናብ ጀርመን ምስ ከደ፡ ጀርመናውያን ማርቼድስ ኣብ ምድረበዳ ኣፍሪቃ ንኽትሰርሕ ብቕዓት ከም ዘጎድላ ምስ ፈለጡ፡ ንመጀመርታ ግዜ ከም ትመሓየሽ ዝገበረ ሰብ'ዩ። ባሊስትራ ክግልበጥን ገለ ክወሰኾ ከም ዘለዎን ዝሓበሮም ሚካኤል'ዩ። ጀርመናውያን ብሓሳባት ሚካኤል ተገሪሞም'ዮም። ኣብ'ቲ ንሱ ዘቕረቦ ሓሳብ ተመርኲሶም ምምሕያሽ ምስ ገበሩ ድማ ተዓዊቶም። ስለ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ ጥራይ ዘይኰነ ኣብ'ተን ምዕቡላት ሃገራት'ውን ብሓሳቡን ብልሓቱን ዝተመስከረሉ ክኢላ'ዩ"


ኮሎኔል በረኸት (ፈንጂ)፡ ብዛዕባ ዕዮታት ስዉእ ሚካኤል ኣብ ድሕሪ ናጽነት እንክገልጽ'ውን "ኣነን ሚካኤልን ድሕሪ ናጽነት ካብ 1993-1996 ንሰለስተ ዓመታት ከየቋረጽና ብሓንሰብ ሰርሕና ኢና። ናይ መኳዓዝያ ተሓጋጋዚ ሓላፊ ኮይነ ስለ ዝመጽኣኩ ምክትል ሚካኤል ኰይነ'ውን ሰሪሐ። ምስ ሚካኤል ብሓንሳብ ዝነበርናሉ ፈንቅል ኣብ ዝበሃል ናይ ሚኒስትሪ ሚክልኻል ሓሙሽተ ጋራዣት ኰይኑ፡ እተን ዕብይ ዝበላ ክልተ ጋራዣት፡ ኣብ ኣስመራን ደቀምሓረን፡ እተን ምጥን ዝበላ ሰለስተ ከኣ ኣብ ተሰነይ፡ ከረንን ባጽዕን ተተኺለን ነይረን። ኣብ'ዘን ጋራዣት ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ ኣብ ዕድጊ ይሳተፍ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ዕዮ ይሳተፍ፡ ካብ ፈለማ'ውን ናብ ዓዲ ጥልያን ብምኻድ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ኣምጺኡ፡ እዘን ጋራዣት ከም ዝብገሳ ዝገበረ ባዕሉ ሚካኤል'ዩ። ብዘይካ እዚ'ውን ቀንዲ ሃንዳሲን ኣማኻሪን ኰይኑ፡ ኣብ ጊንዳዕ ፋብሪካ ማርሞ፡ ኣብ መንገዲ ቁሸት ናይ ፍሬዶን ጋዝን ፋብሪካታት ኣብ ምትካል ዓቢ ዕማም ዓሚሙ። ብዘይካ'ዚ እውን ክልተ ኣደነቕቲ ምህዞታት ዝገበረ'ዩ። ትንሳኤ መንገዲ ባቡር ኤርትራ ኣብ ዝተበገሰሉ፡ እቲ ባቡር ዝሓልፈሉ መንገዲ ድማ ዓንዩ ብምንባሩ ተሸከርካሪት ክትኣትዎ ኣጸጋሚ ኰነ። ግድነት ድማ ሓጺን፡ ጆያን ሑጻን እትጓርት መኪና ተድሊ ነበረት። ናይ ሸዑ ሓላፊ መኳዓዝያ ዶክተር ገርጊሽ ብዛዕባ'ቲ ዕዮ ምስ ተወከሶ፡ ሚካኤል ከም'ቲ ልሙድ 'ጸገም የለን' ብምባል ነቲ ጀሚሩ ዝነበረ ትንሳኤ መንገዲ ባቡር ዘቀላጥፍ ሓሳብን ምህዞን ከፈልፍል'ዩ ተበጊሱ። ኣብ'ቲ እዋን ካብ ሶቬየት ሕብረት 100 ኦራላት መጺኣን ስለ ዝነበራ፡ ነተን ናይ በዝሒ ናብ ናፍታ ክንቅየረን እቲ ስራሕ ጀሚርናዮ ስለ ዝነበርና፡ ሚካኤል ንዓይን ንወዲ ኣስራትን ብምጽዋዕ ከም'ዚ ኢሉና፡ 'ንግዚኡ ባቡር ካብ ዘይሃለወት ካብ'ዘን መጺኣን ዘለዋ ኦራላት መጺኢኪ ዝኸውን ባቡር ክንሰንዕ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ኦራል እንድሕሪ እግሪ ሓዲድ ገይርናየ፡ ባጎኒታት ባቡር ክትስሕብን ኣብ ልዕሊ ሓዲድ ክትከይድ ትኽእል እያ' ዝብል ሓሳብ ኣምጺኡ። ድሕሪ እዚ፡ ኣብ ኣስመራ በዓል ፋየር ኣብ ዝነበሩዋ ጋራዥ ፈንቅል ትፈተን ስለ ዝተባህለ፡ በቲ ሚካኤል ዝሓንጸጾ ንድፊ ድሕሪ ሓያል ጻዕሪ ተሰሪሓ፡ ኣብ በጣሕ ተጻዒና ድሕሪ ምውራዳ፡ መስ ፈተንናያ ብዘይጸገም ሓሙሽተ ባጐኒታት ክትስሕበልና ክኢላ።

ኣብ 1997 ሓድሽ ባጤራና ናቕፋ ኣብ ከባቢ ሽዳ ኣብ ዝተመረቐሉ እዋን፡ ኣነን ሚካኤልን ብሓንሰብ ኮፍ ኢልና ከለና፡ እቲ ናይ መርኣዩ ሰልዲ ይዕደል ነይሩ። ኣጋጣሚ ንዓይ ሓምሳ ናቕፋ ንሚካኤል ድማ ዓሰርተ ናቕፋ በጺሑና። ኣብ'ታ 10 ናቕፋ እንተ ረኣየ ስእሊ ናይታ ባዕሉ ዝመሃዛ ባቡር ኣብኡ ትጸንሖ። ሸዑ ናባይ ግልጽ ብምባል 'ኣታ ፈንጂ - እታ ባቡር ደኣ ኣብ'ዚ ወጺኣ ኣላ፡ ግናስ ኣልሚኖ ኣብ'ዚ ታሕቲ ሚካኤል ፍሰሃየ ኣይጽሕፉላን!' ምስ በለ፡ ኩሉ ሰብ ስሒቑ።

ኣብ ባጽዕ ከባቢ ጉርጉሱም ግራት ናይ ሽሪምፕ ዝዓይነቱ ዓሳ ብሓደ ኣሜሪካዊ ተታሒዙ ነይሩ። ኩሉ ትሕቲ-ቅርጺ ናይ'ቲ ግራት ምስ ተጻፈፈ፡ ክልተ ሰለስተ ግዜ ማይ ባሕሪ ዝጭንንጉዓ ሞተረታት ቀሪቦም ኣይተዓወቱን። ምኽንያቱ እቲ ፖምፓ ንውሑድ ሰዓታት ምስ ሰርሐ ጠጠው እናበለ ኣሸገሮም። እናቐያየሩ ፈቲኖም ምስ ተሓለሉ፡ ኣብ መጠረሽታ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ንሚካኤል ፍሰሃየ ተወኪሶምዎ። ናብ ባጽዕ ወሪዱ ነቲ ጸገም ድሕሪ ምዕዛብ ናብ ኣስመራ ተመሊሱ እንታይ እዋኑ 'ሞድፊካረ' ገይሩ ክልተ ናይ ኤነትረ ሞቶር ኣምጺኡ 'ፋቸ' ብምቕያር ክፍትነን ናብ ባጽዕ ወሪዱ። ነታ ሓንቲ ምስ ፈተና ነቲ ብሰንኪ ጨንጓዒት ተሰናኺሉ ዝነበረ ግራት ዓሳ ብማይ ኣዕለቕሊቓቶ። ናይ ብሓቂ ተኣምራት እዩ! እቲ ኣሜሪካዊ ደንጽዩዎ፡ 'በየን ዝመጽአ ሰብ እዩ' ኢሉ ተገሪሙ።

ጽፈት ስራሕ ሚካኤል ኣብ በቲ ዝረኽቦ ውጽኢት'ዩ ዝምስከረሉ። ሚካኤል ኣብ ስርሑ ይኹን ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረት ጽፉፍ እዩ። ንኣብነት ነታ ኣብ ሜዳ ዝጥቀመላ ዝነበረን ድሕሪ ናጽነት'ውን ምስኡ ዝነበረትን ኒሳን ዝዓይነታ መኪናኡ፡ ወትሩ ዝተወሰነ ኪሎ ሜተር ምስ ተጓዕዘት ባዕሉ እዩ ሰርቪስ ዝገበረላ። ንመኪና ብግቡእ እንተ ድኣ ተኸናኺንካያ ወላ ሚልዮን ኪሎሜተር ብዘይ ጸገም ክትከይድ ትኽእል'ያ ዝብል እምነት ነይርዎ። እታ ምስኡ ዝነበረት ኒሳን ድማ ክሳብ'ታ ዝተሸጠትላ እዋን፡ እቲ ኩሉ ናይ ከተማን በረኻን መንገድታት ከይዳ ከተብቅዕ ሞተር ኣውሪዳ ኣይትፈልጥን። ሚካኤል ብሓቂ ኣቦ-ማሃዝነት እዩ።

**ይቕጽል**



ስውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍሰሃየ





ምህዞ ስውእ ሚካኤል - ኣብ ጁባ ነፍስ-ወከፍና



እታ ብምህዞ ስውእ ሚካኤል ናብ ባቡር ዝተቐየረት ኦራል

# ምልክታ

ዳህብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ


## ብስራት ንተመሃሮ 1ይ ዓመት ኮለጃት

ኣብ ካልኩላስ (ማትማቲክስ)፡ ኬሚስትሪን ፊዚክስን ንኽትዕወቱ፡ ነዚን 3 ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ተጠቐሙ።

FUNDAMENTAL CALCULUS by Hanibal Tekeste

COLLEGE CHEMISTRY by Ghirmay Araya

COLLEGE PHYSICS by Solomon W/gaber

**ትሕዝቶ መጻሕፍቲ**


- ✓ ብሩህ መግለጺ ኣገባባት
- ✓ ኣተፈላለዩ ኣብነታት
- ✓ እተፈትሑ ግድላት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መዘኻኸሪ መልመልዲታት
- ✓ መልሲ መልመዲታት

**ጥቕሚ መጻሕፍቲ**

- ➢ መምሃሪ
- ➢ መወከሲ
- ➢ መለማመዲ
- ➢ መግምገሚ
- ➢ መዳለዊ ንመብጽዓ ፈተናታት
- ➢ መሰረት ዝሓለፉ ትምህርቲ

**ሓገዝቲ፡ ወሰንትን ኣጠቓለልትን መጻሕፍቲ!**







ኣብ ስታሽነሪታት ተዘርጊሖናልኩም ኣሎና።
ንሓበሬታ፡ 07237770 /07269756 / 07142402

## ሓዳስ መጽሓፍ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ

"Problem Solver of High School Chemistry"

ዝርእስታ ሓዳስ ናይ Chemistry መጽሓፍ ኣብ
ኩሉ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ተቐሪባትልኩም ኣላ።
ገዚእኩም ኣንብቡዋ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ: 07151337/07282185




# ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ E.T.I.

ERITREA TEXTILE INDUSTRIES P.L.C

ብጡዋ ጥራይ ብዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ማልያታት ፣ ብራቴሊ ፣ ሙታንቲ ፣ ፒጃማ ፣ ብምፍራይ ንዓማዊሉ ኣዕጋቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ትካልና ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሕጂ'ውን ብምኽንያት ፌስቲቫል 2014 ፦

ንናእሽቱን ዓበይትን ናይ ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ

- * ማልያታት * ናይ ስፖርት ክዳን
- * ብራቴሊ * ቅጥኢ ንባህላዊ ክዳን መስርሒ ዝውዕል
- * ሙታንቲ

ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብዘተኣታተውናዮ ጽፍሒ ስራሕ ስፍየት ክዳውንቲ ዝፈረዩ

- * ስረ * ጃኬት * ኣንሶላ
- * ካምቻ * ኮምፕላስዮነ * ቦርሳ

ቀሪብና ፣ ነጋድያን ፌስቲቫል 2014 ንምዕጋብ ዓቢ ምቅርራብ ድሕሪ ምግባር ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ናይ መሸጢ ቦታ ጸኒሑና ኘርከብ ።

ኣብ <u>ጎደና ተጋዳልቲ ፊት እንዳ ኖራ</u> ኣብ ዝርከብ ቀዋሚ ናይ መሸጣ ቦታና ብሙሉእ ትሕዝቶ ኣገልግሎትና ብቀጻሊ ክትረኽቡ ክምእትኽእሉ ንክቡራት ዓማዊልና ብሓኽብሮት ንገልጽ ።

ብጽሑና ብጽፈት ምህርትና ፣ ብርትዓዊ ዋጋና ፣ ብምቕሉል ኣቀባብላና ክትዓግቡ ኢኹም ።

# VACANCY ANNOUNCEMENT VA/07/2014

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

**Post title:** Programme Analyst (PMSU)

**Condition of employment:** Fixed Term at ICS 9 Level

**Duty Station**: Asmara with frequent field travel

**Organizational Context**

Under the overall guidance of the Resident Representative, and the direct supervision of the Deputy Resident Representative (Programme), the Programme Analyst will be responsible for leading and coordinating the overall work and day-to-day management of the PMSU, in consultation with the DRR (Programme), and for making UNDP Eritrea more accountable in terms of performance and management for results. S(he) will also have responsibility and accountability for the effective and efficient provision of programme management advisory support services to both programme pillars (Governance and Inclusive & Sustainable Development unit).

Summary of key functions:

- Strategic Planning/Knowledge Management
- Programme management (including RBM)
- Programme management advisory services
- Dedicated strategic/management support to Deputy Country Director (Programme)
- Overall management of the Unit, including supervision/mentoring of staff

**MINIMUM QUALIFICATIONS**

**Education:** Master's Degree or equivalent in Business Administration, Public Administration, Economics, Political Sciences, Social Sciences or related field.

**Experience:** 2 years of relevant experience at the national or international level in providing management advisory services, hands-on experience in design, monitoring and evaluation of development projects.

Excellent knowledge of and experience with results-based management methodologies and tools

Experience in working in a multi-national settings with people from different cultural backgrounds

Experience in the usage of computers and office software packages and experience in handling of web based management systems.

**Language requirements:** Fluency in English (spoken and written).and national language of the duty station.

**Other considerations:** For more details please collect the Terms of Reference from the UNDP Reception Desk. Interested applicants should submit duly filled P11 form (available at the UNDP Reception Desk, UN Office in Asmara) and a detailed CV with supporting documents. Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be sent to **UNDP Reception Desk, P.O. Box 5366, and UN offices, Asmara, Eritrea.**

UNDP will contact those who are considered Potential candidates. Closing date for the application is 10 days from the date of announcement.

**"UNDP is an equal opportunity employer which strives to achieve overall balance in its staffing patterns".**




# ምልክታ ጨረታ

ቤ/ጽ/መኮነን ጥዕና ኣብ ወተሃደራዊ ሆስፒታላትና ንሕሙማት ዝኸውን ኣሕምልትን ፍረታትን ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ሕጋውን ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ግዱሳት ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግብኦም

1. ናይ 2013 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድ።
2. 300,000 ናቕፋ ኣብ መስመር ዕድጊ ንዘጋጥም ትሕጃ የቕርብ።
3. ጨረታ ምስ ተወድአ ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 500 ናቕፋ የትሕዝ።
4. ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ወረቐቶም ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ክሳብ ዕለት 15/9/2014 ኣብ ቤት ጽሕፈትና ክበጽሕ ከም ዘለዎ ንሕብር።
5. ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 16/9/2014 ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ይኽፈት።
6. ንተወሳኺ ሓበሬታ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤ/ጽሕፈትና ምውሳድ ይከኣል።
7. ቤ/ጽ/መኮነን ጥዕና ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፦ ጎደና ደብረ እመን ፊት ኢናኤል ሆስፒታል እዩ።

ቤ/ጽ መኮነን ጥዕና






# ንኣፍልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ፈረስ ባሕሪ

ፈረስ ባሕሪ (sea-horse) ኣብ ማያዊ ኣካል ካብ ዝነብሩ እንስሳታት ሓደ ኢዩ። እዚ ምስ እንስሳታት ባሕሪ ዝምደብ ሂወታዊ ሓቀኛ ፈረስ ኣይኮነን። ዓሌት ዓሳ ኮይኑ ርእሲ ኣካሉ ግን ምስ ርእሲ ፈረስ ዝመሳሳል ብምዃኑ'ዩ ፈረስ ባሕሪ ተባሂሉ። መብዛሕትኦም ዓይነት'ዞም እንስሳታት ደቀቕቲ ኮይኖም እቲ ዝዓበየ ዓሌት ዝበሃል ናይ 13 ሰ/ሜ ንውሓት ኣለዎ። ፈረስ ባሕሪ ዘይልሙድን ዘገርምን ቅርጺ ካብ ዘለዎም ዓሌት ዓሳታት ኢዩ። ዓበይትን ፍሩያትን ኣዒንቲን ነዊሕን ኣፍንጫ ፈረስ ዝመስልን ናይ ትቦ ዝቕርጹ ኣፍን ከኣ ይውንን።

ፈረስ ባሕሪ ቀጢን ኣካላት፡ ከምኡ ድማ ተዓጻጻፊ ጭራ መለለዩኡ'ዮም። ኣብ ላዕለዋይ ጫፍ ናይ ዳሕረዋይ ክፋል ኣካላቱ ዝርከብ ዓጻም ዓንዲ ሕቖኡ ምስ ኣእዛን ፈረስ ዝመሳሰል ኢዩ።

"ፓይፕ ፊሽ" ናይ ዝተባህሉ ዓሌት ዓሳ ስድራ ዝኾነ ፈረስ ባሕሪ ኣብ ምዉቕን ትሮፒካውያን ባሕርታትን ናይ ዓለም ይርከብ። ዝበዝሑ ዓሌታት ፈረስ ባሕሪ ኣብ ጥቓ ገማግም ኣብ ዝርከቡ ዓሞቕቲ ኣብ ዘይኮኑ ማያውያን ስፍራታት ዝሰፍሩ ኮይኖም፡ ገለ ግን ኣብ ዛሕሊ ዘለዎም ባሕርታት ይነብሩ። ኣብ ዓለም ኣስታት 30 ዝኣኽሉ ዓሌታት ፈረስ ባሕሪ ከምዘለዉ ይግለጽ። እቶም ዝዓበዩ ዓይነት'ዞም ፈረስ መሰል ዓሌት ዓሳ ኣብ ከባቢ ገማግም ባሕሪ ኣትላንቲክ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ይርከቡ።

ልክዕ ከም ኩሎም ዓሳታት ፈረስ ባሕሪ'ውን ናይ ምሕንባስ ዓቕሚ ዝተዓደሎም ኢዮም። ኣብ ውሽጢ ማይ ብቑመቶም ትኽ ኢሎም እንከለዉ ከኣ ክሕንብሱ ይኽእሉ። እዚ ኮይኑ ግን ዝሑላት ሓንበስቲ ከምዝኾኑ ይግለጽ። ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ምጽናሕ ዝመርጹ'ዮም ናብ ባሕሪ እንስሳታት ከም ካልኦት ዓይነታት "ፓይፕ ፊሽ" ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ንዝርከቡ ደቀቕቲ እንስሳታት ይምገቡ። ገለ ካብቶም ዝምገቡዎም ደቓቕቲ ሂወታውያን ባሕሪ ሽሪምፕ፡ ሎብስተር ይርከቡዎም።

ስርዓተ መፍረ ፈረስ ባሕሪ ኣዝዩ ዝተፈለየ ኣገባብ'ዩ ዝኽተል። ዘይከም ካልኦት እንስሳታት፡ እታ ኣንስተይቲ ፈረስ ባሕሪ እንቋቑሖኣ ኣብ ከብዲ ተባዕታይ ፈረስ ባሕሪ ኣብ ዝርከብ ከረጺት ኢያ ተቐምጦ። እቲ ተባዕታይ ፈረስ ባሕሪ ድማ እቶም እንቋቑሖ ግዚኦም ኣኺሉ ክሳብ ዝጫጭሑን ካብቲ ከረጺት ወጺኦም ናይ ምኻድ ዓቕሚ ዘድልዮን ተሰኪሙዎም ክኸይድ ይግደድ።

ብርክት ዝበሉ ሰባት ነዞም ብትርኢት ኣካሎምን ኣገባብ ስርዓተ መፍረኦም ዝተፈለዩ ዝኾኑ እንስሳ ባሕሪ ልክዕ ከም ዘቤታዊ እንስሳ ኣብ ኣባይቶም ከፍርይዎም ይረኣዩ ኢዮም። ኣዝዮም ተነቓፍቲ ብምዃኖም ድማ ኣዝዩ ልዑል ክንክን ይሓቱ። ሓደ ፈረስ ባሕሪ ጥዕንኡ ተሓልዩ ክነብር እንተኾይኑ ብዉሑዱ ክሳብ 8 ሌትሮ ማይ ባሕሪ የድልዮ። ብተወሳኺ ከኣ ህያው (ብሂወት ዘሎ) ዉላድ ናይ ጨዋም ማይ ሽሪምፕ እቲ ዝበለጸ መግቢ ፈረስ ባሕሪ ኢዩ። እዝን ካልእን ጠለባት ብግቡእ ዝተማልኣሉ ፈረስ ባሕሪ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመታት ብህይወት ናይ ምንባር ተኽእሎ ኣለዎ።



## ኣሚሽ



ኣሚሽ ዝብል ስያመ መጸውዒ ናይቶም ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከቡ ዝኾኑ ክፋል ሕ/ሰብ ኢዩ። እዞም ኣብ ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን ብሓፈሻ፡ ብዝሒ ቁጽሪ ዘለዎም ጉጅለ ንዘሎ ኩሉ ጽልዋ ዘመናውነትን ቅልጡፍ ናህሪ ምዕባለ ዓለምን ብምንውዛፍ ኣዝዩ ዝተፈለየን ዓቃባውን ዝኾነ ኣገባብ ኣነባብራ ዝኽተሉ ኢዮም።

ኣሚሽ ዝብል ቃል ካብ ጃኮብ ኣማን ዝተባህለ ስዊዘርላንዳዊ ኣቡን (ቀሺ) ዝመንጨወ ኢዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ኣቡን ስነ ስርዓት ቤተክርስቲያን ንምሕላው ናይ "ምውጋዝ " ኣገባብ ክዘውተር ከምዝለዎ ጸቒጡ ዝዘረበ ዝበረ ኢዩ። ዚ ተኸቲሉ ድማ ኣብ ኣሚሽ እዚ ናይ "ውገዝ" ተግባር ልሙድ ኢዩ። ብመሰረት ሕጊ ኣሚሽ፡ ዝኾነ ኣባል ኣሚሽ ምስ ሓደ ዉጉዝ ሰብ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታት ሓቢሩ ክሳተፍን ኣብ ሓደ መኣዲ ክቕረብን ክልኩል ኢዩ።

ብዘኽተሎዎ ጥሩፍ ክርስትያናዊ እምነት ተቐባልነት ዘይነበሮም ኣሚሽ ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ ግዝድንን ስቅያትን ክፍረዱ'ዮም ተራእዮም። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ መበል 18 ዘመን ኣትሒዞም ናብ ኣህጉር ኣመሪካ ክስደዱ ጀሚሮም። ፈለማ ናብ ፔንሲልቬንያ ብምቕጻል ከኣ ናብ ኦሃዮ ዝተባህላ ክፍለ ግዝኣታት ኣመሪካ ክኣትዉ ጀሚሮም። ከምኡ እናበሉ ድማ ናብ ካልኦት ግዝኣታት ኣመሪካን ካናዳን ኣሰፋሕፍሐ።

ብትሪ ዓቃባዊ ኣካይድኦም ብዘየዳ ዝግለጹ "ጥንታዊ ስርዓት ኣሚሽ" ተባሂሎም ዝጽወዑ ክፋል ናይዚ ጉጅለ ኢዮም። ዝለብሱዎም ኣልባሳት ኣዝዮም ልሙዳት ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ዝመናውነት ዘይወክሉ ኢዮም። እቶም ተባዕትዮ ሰረን ጃባን ክወድዩ ከለዉ እተን ኣንስትዮ ድማ ብተመሳሳሊ ነዊሕ ክዳን ይኸደና። ኣከዳድና ኣሚሽ ምስ ናይ ቀደም እዋን ኣለባብሳ ዝመሳሰል ኢዩ። ኣብ ክንዲ መላግም ከኣ ብራቴለ ገይሮም'ዮም ኣልባሶቶም ዝዓጥቑ። ናይ ተሽከርከርቲ መካይን መሳለጥያ ኣብ ዘርያኦም እናሃለወ፡ ብፈረስ ዝጉተታ ካሮሳታት ንንጥፈታት መጓዓዝያ ይጥቀሙ። እቶም እኽላት ደቂ ተባዕትዮ ኣሚሽ ሰብ ሰርሖ ጭሕሚ ክወድዩ ከለዉ፡ ምስ ሃይማኖት ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታቶም ድማ ኣብ ገዛውቲ ኢያም ዘካይዱ።

ኣብ ኣሚሽ እግሪ ምሕጻብ ከም ናይ ደቀ-እምነት ወይ ቁርባን ኣገልግሎት ኢዩ ዝቖጸር። ካብ ስነ ስርዓት ናይቲ እምነት ወጻኢ ዝኸደ በቲ ሕብረተሰብ ይውገዝ ኢዩ። ብተወሳኺ ሓደ ኣባል ናይ ኣሚሽ ካብቲ ናቱ እምነት ወጻኢ ምስ ዝኾነ ክመርዓውን ክዛምድን ኣይፍቀድን ኢዩ።

ብዘይካ'ዞም ዝተገልጹ ተረር ዝኾነ ዓቃባዊ መምርሒታት ዝኽተሉ ጉጅለ ካልኦት ክፋላት ናይ ኣሚሽ'ውን ኣለዉ። ይኹን እምበር እቶም ካልኦት ጉጅለ ኣሚሽ ካብቶም ኣቐዲሞም ዝተገልጹ ፈኲሰን ልሉምን ዝኾነ ናይ መቕጻዕቲ ኣገባብ ይኽተሉ። ምስ ምዕባለ ዓለም'ውን ብመንጽሩ ዝሓሸ ቅርበት ኣለዎም። እዚ ኮይኑ ግን ኩሎም ጉጅለታት ኣሚሽ ኣብቲ ዝኽተሉዎ እምነት ተመሳሳልቲ ኢዮም።

ዝሰፍሐ ዝርጋሐኦም ኣብ ኣመሪካ ዝኾኑ ኣሚሽ ዝነበሮም ብዝሒ ቁጽሪ ኣብ ቀዳሞት 1990ታት ክረአ እንከሎ ኣስታት 81,000 ዝበጽሕ ኢዩ ነይሩ። ዛጊት ብዝሒ ቁጽሮም ዝገማገመ ፍልልይ ከምዝይብሉ ድማ ይንገር። ኣሚሽ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ምስቲ ዝነብሩዎ ሕብረተሰብ ብሰሪ ዘለዎም ናይ ኣረዳድኣ ፍልልያት ክጋጨዉ ይረኣዩ ኢዮም። ሓደ ካብቶም ኣሚሻውያን ምስ ሕብረተሰቦት ዘሰሓሕቦም ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘለዎም ኣመለኻኽታ ኢዩ። ከም እምነት ኣሚሽ፡ ትምህርቲ ንፍሉይን ባሕታውን መንገዲ ሂወቶም ዝጸረር መሳርሒ ኢዩ። ዚ ተኸቲሎም ድማ ስድራቤታት ኣሚሽ ደቆም ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክይዶም ዝለዓለ ትምህርቲ ክቕስሙ ኣይደግፉን። ከም መረዳእታ እቶም ስድራቤታት፡ ደቆም ክሳብ 8ይ ክፍሊ ክመሃሩ እኹል ኢዩ። ካብኡ ዝበረኸ ፍልጠት ምስ ዝዓጥቁ ግን ምስ ባህልን ልምድታትን ኣሚሽ ተሳሒዮም ክጎዝኡ ዘጽግም ኩነታት ዝፈጥር ምዃኑን ይኣምኑ። በዚ መንጽር ከኣ ኣብዚን ግዴታዊ ናይ ትምህርቲ ረቋሒታት ዝሕግጋ ግዝኣታት ኣመሪካ ዝነብሩ ኣሚሻውያን በዚ ጉዳይ ምስ ሰብ መዚ ይሰሓሓቡ ኢዮም።

## ሕቶ ንሃብሮም

1. ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ ንሩስያ ተኸቲላ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝርከበላ ሃገር መን'ያ ?

ሀ. ፈረንሳ ለ. ጀርመን ሐ. ኢጣልያ መ. ፖርቱጋል

2. ወግዓዊ ቋንቋ ብራዚል እንታይ ኢዩ ?

ሀ. ብራዚሊያ ለ. ስጳኛ ሐ. ፖርቱጋል መ. ኩሎም መልሲ 'ዮም

3. ሽከና ርእሲ ወዲ ሰብ ክንደይ ኣዕጽምቲ ኣለዎ ?

ሀ. 5 ለ. 12 ሐ. 22 መ. 48

4. መሰረታውያን ዓይነታት ሕብሪ ካብ ዘይኮኑ ሕብርታት ኣውጽእ ?

ሀ. ቀይሕ ለ. ብጫ ሐ. ሰማያዊ መ. ቀጠልያ

5. ኣብ መድረኽ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ብ"ግራንድ ቱር" ዝፍለጡ ውድድራት ሰመዮም ?

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕቶ ንሃብሮም

1. ለ 2. መ 3. ለ 4. ሐ 5. ባዛር ምርኢት





# ሽባብ

ኩብርታት ሕብረተሰብ

## ዘይሃስስ ዝኽሪ

ሚኪኤል በርሀ

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብዝተፈላለዩ እዋናውያን ስምዒታት እውረር እየ። ንሓንሳብ እቀንእ፡ ንሓንሳብ ይድንግጽ፡ ንሓንሳብ ይደናቕ፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ድማ ንብሰይ ጽልእ የብላ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት'ውን በዞም ነኣሽቱ ስምዒታት ክግረፍ እጸንሕ'ሞ ሃንደበት ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ሓይሉ ጩራ ተስፋ ናብ ንብሰይ ውሒዙ ንውሽጠይ ብርሃን ይተፍኣለይ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣነ ንዓለም መምጽእየይ ምኽንያት ከም ዘለኒ እስወጠኒ። ብዙሕ ግዜ ውጥም ቅልቅል ብዝብሉ ስምዒታት ሞኽ ምስ በልኩ እየ። ሕብሮም ምልላይ ክሳብ ዘጸግመኒ ኣብ ውሽጢ ካሊኣታት ብዝቕየሩ ስምዒታት ብዙሕ ግዜ ተረቢጸ እየ። ብንብሰይ ነዞም ውጥም ቅልቅል እናበሉ ዝርብሹኒ ስምዒታት ኣይፈትዎምን እየ። ኩሉ ግዜ እቶም ናብ ውሽጠይ ዝውሕዙ ስምዒታት ሓያላትን መንገብገብ ኣውጺእ ከምዝንፍር ክገብሩኒ ዝኽእሉ ክኾኑለይ ወትሩ እየ ዝብህግ። ምኽንያቱ ወትሩ ምስቲ ደረቱ በጺሑዩ ዘይፈልጥ ሓድሽ ወገን ውሽጠይ ጎፍ ንጎፍ ክጠማመት ምሒር ስለ ዝደሊ። ነዚ ባህጊ'ዚ ተቐኒተ ድማ እየ፡ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014 ንምስትምቓር ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዘምራሕኩ። ኣብቲ ቀጽሪ ዘንበዑኒ፡ ካብ ልበይ ከምዝስሕቅ ዝገብሩኒ፡ ዘደንቁኒ፡ ዘይሃስስ ዝኽሪ ዝገድፉለይ፡ ሕሱም ባህጊ ከም ዝቕኑት ዝገብሩኒ፡ ብናይ ራኢ ነበልባል ከምዝቃጸል ዝገብሩኒ ኣጋጣሚታት መታን ክንንፉኒ ዋላ'ውን የኢጋረይ ኣብቲ ቀጽሪ በጺሐን እንክለዋ ምጽላይ ኣይገደፋን። ምኽንያቱ እዞም ከምዚ ዓይነት ስምዒታት ብቐሊል ዘይርከቡን እንተ ኣጋጢማም ግና ደራ'ኺ ለውጢ ክተምጽእ ዝቅስቡ ብምኳኖም ከም ሕሱም እየ ዝብህጎም።

እግረይ እናሰጎማ፡ የዒንተይ ጽባቐ ካብ ምምእራር ዓዲ ኣይወዓላን። ብዙሓት ነገራት እናኣስተማቐርኩ ድማ ኣብቲ ዛንታ ገድሊ ዝተረኽሉ ቦታ በጻሕኩ። መጀመርታ ኣብቲ ቦታ ምስ በጻሕኩ ብዙሓት ሰባት ተኣኪቦም ነታ ኣብቲ መንደቕ ተዘርጊሓ ተንቀሳቓሲ ስእሊ እተርኢ ዝነበረት ዓለባ ብኣንኩሮ ክዕዘቡ ምስረኣኽዎም ብዙሕ ተገሪመ እየ። ምኽንያቱ ታሪኽ ንዓይ ብዙሕ ኣገዳስነት ኣይነብሮን። ቡቲ ናተይ መለክዒ ክግምግሞም ምፍታኑይ ድማ ዕሽነተይ ዘንቀጾ ሓሳብ ምንባሩ ሕጂ መቕረቱ ምስኣተማቐርኩ እዩ ዝበርሃለይ ዘሎ። ነቲ ምሳይ ዝነበረ ዓርከይ ድማ ናብ ካልእ ቦታ ክወስደኒ ተማሕጸንክዎ። ክሳብ እታ ጀሚራ ዝነበረት ዛንታ እትውዳእ ዓቕሊ ክገብር ምስተወከሰኒ፡ ኣብ ታሪኽ ከምዝግደስ ስለዘፈልጦ ንስለ ክብሩ ክብል ቁሩብ ዓቕሊ ክገብር ወሰንኩ። እንተኾነ ሳላ'ታ ዝወሰድክዋ ውሳነ ኣብ ምሉእ ሂወተይ ርእየዮን ኣስተማቒረዮን ዘይፈልጥ ስምዒት እዩ ኣጋጢሙኒ። ካብቲ ኣጋጣሚ ድማ ሓደ ነገር እየ ክምሃር ክኢለ።ንሱ ድማ ካብ 'እዚ ከምዚ እዩ' እናበልካ ምግላጽ 'ርአዮ እዚ' ኢልካ ምቕራብን ህዝቢ ባዕሉ ክስተማቕሮ ከምዝበልጽን ኣረጋገጽ።

ታሪኽ 'ጥምጥም ሲጋለት ቀማን' ምስረኣኽ፡ ንኸምዚ ዝበለ ጽንዓትን ጥበብን ክንጸባርቑ ዝቐሰቦም ነገርሲ እንታይ ኮን ይኸውን ካብ ምባል ዓዲ ኣይወዓልኩን። ብፍላይ ኣብታ ኣብ ፍራቂ ናይ'ታ ጽርግያ እትርከብ ንምሉእ ኑብሶም ጠጠው ከተብል ዘይትኽእል ቢንቶ እሞ ድማ ምስቲ ጨዋም ማይ ንልዕሊ ሽድሽተ ሰዓታት ውጉኣት ተሰኪሞም ክውዕሉ እንክለዉ ምስረኣኽ፡ እምበር'ዶ ሰብ እዮም ኣብ ምባል እየ በጺሐ። ብዙሕ ከይጸናሕኩ ቃንዛ ናይ ሓደ ውጉእ ምስ ሰማዕኩ ንብሰይ ግፍፍ ክብለኒ ጀሚሩ። ኣብታ ሰዓት እቲኣ እንታይ ኮን ይሓስቡ ነይሮም ይኾኑ ኢለ ካብ ምሕሳብ ኣይተቆጠብኩን። ባዕለይ ብዝዋግምቶም ሓሳባት እናምጻእኩ ድማ ንንብሰይ ከዐግሳ ይፍትን ነይረ። ግን እንታይ ኮን ይሓስቡ ነይሮም ይኾኑ? ኪኖ'ቲ ዝነበረ ምንባርካ ዘጽልእ ኩነት ዝመጽእ ዓውት፡ ክቱር ህርፋን ናጻ ኤርትራ፡ ሕርቃን ዘቃጸሎ ስምዒት ወይስ ኣብኡ ምህላዎም ዘይነጽፍ ሓበን ይስምዖም ነይሩ፡ ኣብ ምባል እንክለኹ ብዛዕባ'ቲ ነቲ ኩነታት ዝሰኣለ ካሜራ ማን (ሰኣላይ) ምስዘከርኩ ዓቕሚ ሰብ ደረት ከምዘይብሉ ክርዳእ ካልእ ፎርሙላታት ናይ ሂወት ኣየድለየንን። እቶም ኢጋር ሰራዊትና ኣብተን ዝነበራ ዝርካበን ካብ ካሽስትሩስ ዝተሰርሓ ኣእማን እናተጸግዑ ክጥቅዑ ክትርእዮም እንክለኻ ኣብ ዝኣመንካሉ ምቅላስ ክሳብ ክንደይ ሓይሊ ከምዘፈጥረልካ በሪሁለይ። ኣብቲ ህሞት ንዝወደቑ ይኹን ንዝተወግኡ ምልዓል ኣይፍቀድን እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ግዜን ቦታን ምቹእ ብዘይምንባሩ። ካብቶም ተላጊቦም ዝዋግኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ እቲ ማእከላይ በዓል ብሬን ኣብ ግንባሩ ተሃሪሙ ምስ ወደቀ፡ እቶም ብጾቱ ኣብ ሞንጎ መምርሒታትን ሰብኣውነትን ተቀርቂሮም ክማትኡ ምስረኣኽዎም ናይ ድንጋጸ ስምዒት ክወረኒ ግዜ ኣይወሰደኩን። ኑቶም ምናልባት ጃልባና እንተተሃሪማ መድሓኒ ኑብሲ 'ተኾነና ኢሎም ናይ 5 ሊትሮ ብራኳታት ሒዞም ናብ ኩናት ክኣትዉ ዝሸባሰቡ ዝነበሩ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝኾኑ ተጋደልቲ ምስረኣኽ፡ ኣይሰሓቕ ኣይምግሩም እየ ኰይኑ። ምኽንያቱ እቶም ጀጋኑ በተን ንመግፊፊ ዓሳታት እኳ ዘየመንያ ጃላቡን ብናይ 5 ሊትሮ ብራኳታትን እዮም ምስቶም ዝተራቀቑ ኣጽዋርን መራኽብን ዓጢቖም ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ ክጋጠሙ ዝሸባሸቡ ዝነበሩ። እዚ'ኳ ዘየገርም።

ኣብ መወዳእታ ግና ኣብ ምስትንታን እየ ኣትየ። እንታይ እዩ እቲ ሓይሊ? ኢለ ካብ ምምርማር ዓዲ ኣይወዓልኩን። ኑቲ ወትሩ ኣብ ሂወተይ ክውንኖ ዝሓስብ ኣብ እምነታትካ ምጽናዕን ኑቲ እምነትካ ድማ ምውፋይን፡ ኣብዞም ተጋደልቲ ምስረኣኽዎ ከምሕሱም እየ ቀኒአ። ኣብ ሞንጎ'ዞም ጀጋኑ ክትህሉ፡ ኣብእምነትካን መትከልካን ጸኒዕካ ክትስዋእ፡ ብውሽጥ'ኻ ምሉእ ዘይግዱል ዕግበትን ሰላምን ክትሓልፍ ማንም ዘይረኽቦ ጸጋ ምኳኑ ምስተገንዘብኩ ብኻ ኣብቲ ግዜ'ቲ ተወሊደ፡ ኣብ ምባል እየ በጺሐ።ግን እንታይ እዩእቲ ሓይሊ?እንታይ እዩ፡ ክሳብ ክንድ'ዚ ዓቕልን ተጻዋርነትን ከምዘሕድሩ ገይርዎም?

ብፍላይ ናይቲ ንእምባ ብሉሕ እትበሃል ስትራተጂካዊት ቦታ ምስ ካልኣዩ ኲይኑ ዝተቆጻጸሩ ጀሚል ሓሰን ታሪኽ፡ ምስሰማዕኩ ወዲ ሰብ ክሳብ ክንደይ ዓሚዩቕ ብቕዓትን ዓቕልን ከምዘለዎ ክግንዘብ እየ ክኢለ። ጀሚል ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነት፡ ብኹሩዕ መንፈስ፡ ብሕቡን ስምዒት "ጥይት ንዓይ ኣይትሃርመንን እያ። እንተድኣ ሃሪማትኒ ግና ኣብ ግንባረይ እያ ትሃርመኒ።ሽዑ ኣነ ድማ ብቴስታ ክመልሳ እየ።" ክብል ከሎ እንክዘክር፡ ኣብ ርእሱ ዝረኣዮ ዝነበረ ነገር ምሒር ሃረፍኩ። ንኣጻድፍ ከም ጎላጉል ንኸስንጥቑ ዘኽኣሎም ሓይሊ፡ ኣብቲ እዋን መከራ ከይተረፈ ከምዝዋዘዩን ከምዝስሕቁን ዝገብሮም ዝነበረ ነገር ክፈልጥ ፍጹም ተሃንጠኹ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ኣብ ርእሶም ተሃኒጹ ዝነበረ ዘይንቕነቕ ራኢ፡ ብልጽግትን ብኹልንትንኣ ሰላም ዝሰፈና ኤርትራ ምንባሩ፡ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ፍጻመ ዝተሳተፉ ሕጂ'ውን ብሂወት ዘሎ ተጋዳላይ ኣብሪሁለይ። ሓደ ንጹር ራኢን እምነትን ድማ ክሳብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ሓይልን ጥበብን ከምዝህበካ ክግንዘብ ክኢለ። ባህ ኢሉኒ ከኣ ካብቲ ቦታ የኢጋረይ ክንቀሳቐሰን ጀመርኩ።

ግና ሓደ ዘይተመለሰለይ ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ክመላለሰን ውጥም ቅልቅል ክብለን ጀሚሩ። ባህጎምን ራኢኦምን ክዉን ኰይኑዶ ይኸውን ዝብል እዩ ነይሩ። ነዚ ኣብ ርእሰይ ዝፈለቐ ሕቶ መልሲ እንተረኽብክሉ ኢለ መጀመርታ ናብ ቁሸት ዞባታት እየ ኣምሪሐ። ኣብቲ ቀጽሪ ብዙሕ ጽባቐ ዘለዎም ነገራት እየ ተዓዚበ። ኣዝዩ ብዙሕ ንኽብርታትናን ባህልናን ዘንጸባርቑ ምርኢታት ኣብቲ ምርኢት ጸንሑኒ። ብፍላይ ድማ ኑቲ 'ርእሰ-ምርኮሳ' ዝብል እምነትናን ስነ-ሓሳብናን ብግብሪ ዘተርጎዕ ተርእዮ ምስረኣኹ ብዙሕ ተሓጒሰን ባህ ኢሉንን እዩ። ማሕበር ኣፍረይቲ ፍረታትን ኣሕምልትን ዞባ ማእከል ዘቕረብዎ ፍርያት ኑቲ ወትሩ ንሓልሞን ንጽዕረሉን 'ርእሰ-ምርኮሳ' ዝብል ስነ-ሓሳብና ብርኡይ ዘተግብርን ዘተርጎዕን ነገር ምስተዓዘብኩ ዝያዳ ካልእ እዋን ውሕስነት መጻኢት ኤርትራ ክስመዓኒ ጀሚሩ። ፍርያት እቲ ማሕበር ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣሕምልትን ፍረታትን ምስ ኣብ ሃገርና ዘይነበሩ ካልኦት ዓይነት ፍረታትን ኣሕምልትን ብምድቓል ኣዝዮም ፍርያምዝኾኑ ዓይነት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምዝሃቡ ኽኢላ ናይ'ቲ ዓውዲ ብኣብነት እናሰነየ ምስ ኣዕለለኒ፡ ኩርዓት ተሰሚዑኒ። ድሕሪ'ዚ ንዕግበተይ ዘበርኽ ነገር እንተረኽብኩ ኢለ እየ ናብቲ ወትሩ ዝሃርፎ ቁሸት ምህዞን ሰንዓን ሰጎምኩ። ከምቲ ዝተጸበኽዎ ድማ ብኣዝዮም ዘደንቑ ምርኢታት ማሚቑ ጸንሓኒ። ኑቲ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ሳዋ ዘስተማቐርክዎ ጽባቐ ካልእ ስርሓት ተወሲኽዎ ብምጽንሑ ኣድናቖተይ ወሲኹ እምበር ኣይነከየን።

ብዛዕባ ሃገርን ምዕባለ መጻእን ዋላ ንኣሽቱ ዘይንሕፍ ሕሱም ባህጊ ምኳኑ ትማሊ ዘደንቕ ምህዞታት ምስ ተዓዘብኩ እየ ክርዳእ ክኢለ። እቶም ኪኖ መጻውቲ ዝኸውን ኣቑሑት ካልእ ክገብሩ ዘይትጽበዮም ቆልዑ ዘደንቕ ሓሳብ ዘለዎ ምህዞ ሒዞም ከዋጉዑ'ኻ እንክትርኢ ኣሰይ ተዓዊትላ እዛ ሃገር፡ ኣብ ምባል ኢ'ኻ ትወድቕ። ዮናታን ኣፈወርቂ እዩ ዝበሃል። እዚ ወዲ 13 ዓመት ተማሃራይ 8ይ ክፍሊ ዝመሃር ኮይኑ፡ ኣብ ድባርዋ እዩ ዓብዩ። ዮናታን ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014 ሓንቲ ንዝኾነት ሳዕሪ ምድሪ፣ ዝኣረገ ኣቑጽልቲ፣ ሓርኢ ደርሆን ካልእን ጥሒና ናብ ድኹዒ እትልውጥ መሳርሒ ሒዙ እዩ ቀሪቡ። እቲ ዝተማሕነ ድኩዒ መታን ከይበላሾ ድማ እታ መሳርሒት ካልሽዩም ዝበሃል ባእታ ብዓቐን ከምትሕውሰሉ ኣፍኢሙለይ። ምናልባት ካልሽዩም እንተስኢንና ዓጽሚ ከም ኣማራጺ ክንጥቀም ከምእንኽእል ምስነገረ፡ ከመይ ደስ ኢሉኒ መስለኩም። እዚ ግና ብዕድመ ንእሽቶይ ዘሎ ቆልዓ ጥቕሚ ካልሽዩም ከመይ ገይሩ ከምዝፈለጠ ምስ ተወከስክዎ ናብ ሚ/ሕርሻ ን/ዞባ ድባርዋ ከይዱ ከምዝጽንዖ ምስ ሓበረኒ። ለካ ድሌት እንተሎ'ስባ መንገዲ ኣይስኣንን እዩ፡ ክብል ኣድፊሩኒ እዩ። እቶም ካብ 15-20 ዝበጽሑ ቆልዑ ነናቶም ዘደንቕ ስራሕ ሰሪሖም ምስ ረኣኽዎም ባህ ኢሉኒ። ኣብ ሓሳበይ ድማ ነዚ ክእለቶም እተማዕብልን ኣብ ተግባር ከምዝውዕል እትገብርን 'ኮሌጅ' ቅጅል በለትኒ። እታ 'ኮሌጅ' ኑቶም ምስ ብርቱዕ ድርኺቶም ዘለዉ ቆልዑ ብኹልንትንኦም ብሰላት ንምግባሮም ክትጽዕር ተራእየትኒ። ታሪኽ 'ግራስ ሩት' (grass root) ምስ ዘከርኩ ድማ ባህገይ ክዉን ክኸውን ከም ዝኽእል በርሃለይ።ካብ ቁሸት ምህዞን ሰንዓን ወጺአ ንእግረ መገደይ ናብታ ንውድድር ዝቐረቡ ደረቕ ስእልታት ተዘርጊሑላ ዝነበረ ቦታ'የ ዘወር ዝበልኩ። ኣብዚ'ውን ካልእ ጽባቐ ከምዘሎ ዘዘኻኽር ተርእዮ እዩ ገጢሙኒ።

በቶም ደረቕ ስእልታት ተደሪኺ ድማ ጽባቐ ተፈጥሮ፡ ንጽህና ሰባት፣ወራር ስምዒታት፡ ዕቑር ጓሂታትን ቃንዛታትን ከስተብህል ተቐሲበ እየ። ብፍላይ ነታ 'ሓንቲ ምጭውቲ ጩሩ ገዛእ ምስላ ኣብ መስትያት (ስፖኪዮ) ናይ መኪና እናርኣየት እተርኢ' ስእሊ ምስረኣኹ ዘይተቐጻጸርክዎ ባህታ ተሰሚዑኒ።



ስ/ምሕረትኣብ ገ/ሚካኤል



# ፌስቲቫል 2014 ዞባ ማእከል












ስ/ትርሓስ ተስፋይ
ኣማረሽ ጻጋይ
ዲዛይን ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er





## ደሃይ ቩልታ እስጳኛ

መበል 69 ውድድር ብሽክሊታ ቩልታ እስጳኛ ዝሓለፈ ቀዳም ብውድድር ክሮኖ ሜተር ድሕሪ ምፍላሙ፡ ሎሚ ብውድድር ራብዓይ መድረኽ ክቕጽል እዩ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ውድድራት ቅድድም ብሽክሊታ ዓለም ዝኾነ ቩልታ እስጳኛ ንሰለስተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ (ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቁዱስን ምስ ክለብ ኤምቲኤን ኵቤካ ከምኡ ድማ ናትናኤል ብርሃነ ምስ ክለብ ዩሮፕ ካር) ብሓፈሻ ድማ ካብ ኣፍሪቃ ንሸሞንተ ተቐዳደምቲ ኣሳቲፉ ኣሎ። ኣብቲ ከም ክሪስቶፈር ፍሩም፡ ናይሮ ኩንታና፡ ኣልበርቶ ኮንታዶር፡ ኣሌጃንድሮ ቫልቨርደ፡ ካደል ኢቫንስ፡ ሪጎበርት ኡራን፡ ፋብያን ካንቸላራ፡ ፒተር ሳጋንን ቶኒ ማርቲንን ዝኣመሰሉ ስሙያት ተቐዳደምቲ ዓለም ዝተሃላለኽሉ ዓቢ ውድድር ብቐዳም ውድድር ክሮኖ ሜተር እዩ ኣእንጊዱ።

ኣስታት 12 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈነ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ድማ እስጳኛዊት ክለብ ሙቪ ስታር ክትዕወተሉ እንከላ፡ ናይ መጀመርያ ኣፍሪቃዊት ጋንታ ኣብ ግራንድ ቱር እትሳተፍ ዘላ ክለብ ኤም.ቲ.ኤን ኵብካ ኸኣ ካብ ተዓዋቲት ክለብ ብ29 ካልኢት ድሒራ መበል 12 ደረጃ ሒዛ።

ኣብቲ መድረኽ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቅዱስን ተሳቲፎም - ኣጃሞም ኸኣ ኣበርኪቶም።

ብ00:14:13 ግዜ ዝተዓወተት ሙቪ ስታር፡ ኑቲ ናይ ግዜ ውድድር ንኮሎምብያዊ - ኵንታናን እስጳኛዊ ቫልቨርደን ንዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ ብምስታፍ ኢያ ላዕለዋይ ኢድ ሒዛ።

ንናትናኤል ብርሃነ ዝሓቖፈት ክለብ ዩሮ ካር ድማ ኣብቲ ናይ ፈላሚ መድረኽ ጸወታ፡ ብደቒቕን ሰለስተ ካልኢትን ድሒራ ውድድራ ብመበል 22 ፈጺማ።

ብቐድሚ ትማሊ ቩልታ እስጳኛ ካልኣይ መድረኽ እዩ ኣሰላሲሉ። ኣብቲ ጎላጎል ዝበዝሖ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ካብ ኣልጀኪራስ ተበጊሶም ናብ ሳን ፈናንዶ ንኸበጽሑ 174.4 ኪሎሜተር ተጓዒዞም። ኣብቲ ዕለት ዳንኤል ተኽለሃይማኖት መበል 53፡ መርሃዊ ቅዱስ መበል 80 ከምኡ ድማ ናትናኤል ብርሃነ መበል 110ን ደረጃታት ሒዞም። ሰለስቲኦም ተቐዳደምቲ ዋላኳ ግዜ ከየጥፍኡ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ እንተበጽሑ መርሃዊ ዝርኣዮ ተጻዋርነትን ብቕዓትን ግን ልዑል ብምንባሩ ብብዙሓት ወገናት ተወዲሱ።

መርሃዊ፡ ምስ ሳልሳይ ርእሱ ድሕሪ ዝገጠሞ መውደቕቲ ካብ ዓባይ ጉጅለ ክድሕር እኳ እንተተገደደ፡ ንኹሉ ተጻዊሩ ንምርካብ ዘርኣዮ ብቕዓት ብብዙሓት ክምጕስ ክኢሉ እዩ።

እቲ መድረኽ ብዓወት ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ፍራንሲስ ደስ ጀውክስ ናስር ቦውሃኒ እዩ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ካብ ዝስርዑ ውድድር ግራንድ ቱር ዝኾነ ቩልታ እስጳኛ፡ ክሳብ ሰንበት 14 መስከረም 2014 ዝጸንሕን 21 መድረኻትን ዝሸፍን ውድድር እዩ። ተቐዳደምቲ ድማ ኣስታት 3240 ኪሎ ሜትር ክሸፍኑ እዮም።

ዳንኤል ንኻልኣይ ግዚኡ ኣብዚ ውድድር ይሳተፍ ኣሎ። ፈላሚ ውድድሩ ዘካይድ ዘሎ መርሃዊ ቅዱስ ድማ እቲ ብዕድመ ዝንኣሰ ኣባል ናይዚ ውድድር ኮይኑ ብፍሉይ ይጽዋዕ።

## ዜና ብሓጺሩ

= ኣብ ክረምታዊ ንጥፈታት ስፖርት ዞባ ማእከል ተጸሚዱም ዝርከቡ ህጻናት ትማሊ ቀዳመ ሰንበት ግጥማት ኵዕሶ እግርን ቅድድም ብሽክሊታን ኣካይዶም ነይሮም።

ኣብ ክሊ ዕድመ 12-15 ቅድድም ብሽክሊታ ደቂ ተባዕትዮ ኣሌክሳንደር ወልደማርያም - ፓራዲዞ፡ ሴላ ወልደሚካኤል - ሰምበል፡ ሮቤል መሓሪ - ገጀረት፡ ዳንኤል በርሀ - ጎዳይፍ፡ ስምኦን ጸገዝኣብ - ገዛባንዳ ከምኡ ድማ ነቢ ተስፋማርያም - ገጀረት፤ ኣብ ክሊ ዕድመ 15-16 ጴጥሮስ መንግስ - ጋላ ነፍሒ፡ ዑቕባማርያም ረዘነ - በሪኽ፡ ሃኒባል ኣብርሃ - ቲራቮሎ፡ ኣሌክሳንደር ግርማይ - ማእከል ከተማ፡ ሚኪኤል ቀለታ - በሪኽ ከምኡ ድማ ኣቤል ተሾመ - ገዛባንዳ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ወጺኦም። ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ደሴት ኪዳን - ቲራቮሎ፡ የርዳኖስ ርእሶም - በሪኽ፡ ሰገን ኣርኣያ - በሪኽ፡ ሊድያ ኣማረ - በሪኽ፡ ዳናይት ማርቆስ - ፓራዲዞ ከምኡ ድማ ሶልያና ገብረመስቀል - ገዛባንዳ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዞም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ እውን ተኻይዱ ነይሩ። ኣኽርያ ንገጀረት 2-ብ1፡ በሪኽ ንማይተመናይ 6-ብ5 (ብፍጹም ቅላዕ) ረቲዐን። በዚ ድማ ጽባሕ ረቡዕ ናብ ዝተሰርዐ ግጥማት ደረጃን ዋንጫን በጺሐን። በሪኽ ምስ ኣኽርያ ንዋንጫ፤ ገጀረት ኸኣ ምስ ማይተመናይ ንደረጃ ክገጥማ እየን።

= ብምኽንያት ፌስቲቫል ኤርትራ 2014 ክካየድ ዝቐጸ ውድድራት ቸዝ ተዛዚሙ። ኣብቲ ኣብ ክልተ ምድባት ተመቒሉ ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ልዕሊ 80 ተወዳደርቲ ተሳቲፎም።

ኣብ ምድብ ጀመርቲ፡ ዳንኤል ደበሳይ፡ ሙሴ ሃብተኣብ፡ ፋኑኤል መሓሪ ከምኡ ድማ ሚካኤል ሃብቶምን ተዓዊቶም።

ኣብ ምድብ ትሕቲ 15 ዓመት ኸኣ፡ ቶማስ ኣርኣያ፡ ናሆም ሚካኤል፡ ኣሮን መለስ ከምኡ ድማ ሴም ተኽለማርያም ተዓዊቶም።

ብደቂ ኣንስትዮ፡ ስኢት ጠዓመ፡ ርወየት ደበሳይ፡ ደሊና ጠዓመን ስኢት ኣማኑኤልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን።

'ክፉት' ተባሂሉ ኣብ ዝጸዋዕ ውድድር ድማ ሰመረ ገብረሂወት፡ ደበሳይ ዘርኣብሩኽ፡ ሻም መሓሪን ኣማን ተወልደን ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም።

እቲ ብራፒድ ቸዝ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ ነፍስ ወከፍ ምድብ ዝተዓወቱ ናይ ዋንጫ፡ መዳልያን መተባብዒ ገንዘብን ተዋሂቦም። ብተወሳኺ ተሳተፍቲ ሰርቲፊኬት ምዕዳሎም ፌደረሽን ቸዝ ዞባ ማእከል ኣብ ዝለኣኾ ጽብጻብ የረድእ።

## ቅንጥብጣብ

= ሳውዝሃምፕተን ንበልጁማዊ ተኸላኻሊ ክለብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ቶብይ ተጣይቕ ኣላ።

= ባርሳ ንኤልቸ 3-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ጸላም ድሙ ናብ ሜዳ ብምእታዋ ጸወታ ንሒደት ደቓይቕ ክቋረጽ ተገዲዱ። ኣብቲ ሊዮኔል መሲ ደሚቑ (ክልተ ሸቶታት ዘቑጸረሉ) ዝተራእየሉ ግጥም፡ ወዲ 18 ዓመት ኣባል ባርሳ - ሙኒር ኣልሓዳዲ (ፈላሚት ናይ ላ'ሊጋ ጸወታኡ) ነታ ተወሳኺት ሸቶ ብምምዝጋቡ ብብዙሓት ተወዲሱ።

= ኣብ ክለባት ኣልጀርያ ዝጻወት ካሜሩናዊ ኣልበርት ኢቦስ፡ ካብ ደገፍቲ ብዝተወርወረሉ 'ኣቕሓ' ርእሱ ብምሃርሙ ትንፋሱ ሓሊፉ። ንሱ ክለቡ 2-ብ1 ኣብ ዝተረትዐትሉ ጸወታ ሸቶ ከመዝግብ ክኢሉ ነይሩ። እቲ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ ሆስፒታል በጺሑ እኳ እንተነበረ፡ ትንፋሱ ክትጸንሕ ግን ኣይከኣለትን።

= ኣርሰን ቨንገር፡ ክለቡ ኣጥቃዒ ኩተፍርም መደብ ከምዘይብላ ኣፍሊጡ። እቲ ኣሰልጣኒ፡ ጋንታኡ 2-ብ2 ምስ ኤቨርተን ድሕሪ ምፍልልያ ከም ሳኖጎ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ነታ ጋንታ ድርዒ ክኾንዋ ከምዝኽእሉ ብምእማት እዩ፡ ሓደስቲ ተጻወትቲ ናይ ምፍራም ባህጊ ከምዘይብሉ ዘኧረ።

## ...ዲ ማርያ

ኣብ ማድሪድ ዘይማእመኦ ዲ ማርያ መውዓእታኡ ከተማ ማንቸስተር ኮይኑ ኣሎ። ትማሊ ናብ እንግሊዝ ብምቕናዕ ሕክምናዊ መርመራ ዘካየደ እቲ 'ሓለንጋይ' ቢታ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምሉእ ነጥቢ ምምዝጋብ ስኢና ዘላ እንግሊዛዊት ክለብ ኣስታት 75 ሚልዮን ፓውንድ ክፈሰሉ እዩ።

ብመሰረት ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለወን ጋዜጣታት እስጳኛን እንግሊዝን፡ ዲ ማርያ፡ ቁጽሪ ሸውዓተ ማልያ ማን ዩናይትድ ከምዝወድን ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ድማ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመታት ክጻወት ኪታሙ ከምዝኮነር የረጋግጻ። ብወገን ሪያል ማድሪድ እቲ ተጻዋታይ ማሙቕ ምፍናው ክካየደሉ እንከሎ፡ ብወገን ማን ዩናይትድ ግን ክሳብ ትማሊ ምሸት ዓቃባዊ ዝኾነ ሓበሬታ እዩ ተዋሂቡ። ኣሰልጣኒ ካርሎ ኣንቸሎቲ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ሪያል ማድሪድ ንዝጸንሖ ግዜ ኣዝዩ ከምዝዘክሮን እቲ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ድማ ሰናይ ናይ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ግዜ ኣብ ማንቸስተር ክሕልፍ ተመንዩሉ። ብተመሳሳሊ እውን ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ - ዣቢ ኣሎንሶ።

ብቐድሚ ትማሊ ምስ ሳንደርላንድ 1-ብ1 ዝተፈላለየት 'መዕረፊት ዲ ማርያ' ዝኾነት ማን ዩናይትድ ብመገዲ ኣሰልጣኒኣ እቲ መስርሕ ዥና ከምዝኾነን ሃንደራእ ኢላ ክትዛረብ ከምዘይትደሊን ኢያ ኣሚታ። እቲ ሆላንዳዊ ኣሰልጣኒ፡ 'ከም ሊዮኔል መሲን ቪዳልን ዝኣመሰሉ ውሩያት ተጻወትቲ ኣለው። ዲ ማርያ እውን ብተመሳሳሊ። ስለዚ እቲ መስርሕ ምስ ክብረት ተጀሚሩ ከምዘሎ እሕብር። ምስ ተዛዘመ ድማ ክሕብረኩም እዩ" ክብል እዩ ተዛሪቡ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ዲ ማርያ ሎሚ ኪታሙ ኣብ ወረቐት ከንብር መደብ ተታሒዙሉ ይርከብ። እንተ ዝወጸሉ ዘሎ መጠን ገንዘብ ግን ኣካታዒ ኮይኑ ኣሎ። እቲ መጠን ገንዘብ ክብረወሰን እንግሊዝ ንናይ ክንፌ ተጻዋታይ ዝወጸ ኮይኑ ድማ ክብረወሰን ክሕዝ ትጽቢት ኣሎ - እዚ ድማ ኑቲ ኣብ 2011 ብቸልሲ ንቶረስ ንምግዛእ ዝወጸ 50 ሚልዮን ክዓብዮ እዩ።

ክረምቲ ካብ ዝጀመር ማን ዩናይትድ ንሰለስተ ተጻወትቲ ኣፈሪማ ትርከብ። ሉክ ሻው፡ ኣንደር ሄሬራን ማርኮስ ሮጆን - ሕጂ ድማ ራብዓይ ዲ ማርያ። ብስዋንሲ ዝተርትዐትን ብሳንደርላንድ ድማ ዝተፈተነትን ማን ዩናይትድ፡ መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ከተዛዝም ንሆላንዳዊ ዳለይ ብሊንድ ክተፈርም ባህጊ ከምዘለዋ ይንገር።

ላዕለዋይ ኢድ ኣብ ግጥም ኣንጻር ሳንደርላንድ ክትሕዝ ዘይከኣለት ማን ዩናይትድ፡ ኣብቲ እትኽተሎ ዘላ ቅዲ ኣሰላልፋ 3-5-2 ዝህልዎ ተራ እንታይ ክመስል ይኽእል ዝብል ድማ ብዓውታ ይስማዕ። ብመሰረት ክኢላታት ኵዕሶ እግሪ፡ ዲ ማርያ ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ ናይ መስመር ምጥቃዕ ክህሉ ትጽቢት ኣሎ። ንገለ ናይ ኣሰላልፋ ተኽእሎ ማን ዩናይትድ ምስ እንጠቅስ፡ ደ ሂያ - ጆንስ፡ ኢቫንስ፡ ሮጆ - ራፋኤል፡ ማታ፡ ፍሌቸር፡ ሻው፡ ዲ ማርያ - ሩኒን ቫን ፐርሲን ድማ ኣብ ቅድሚት ክስለፉ ትጽቢት ኣሎ። ልዕሊ ኹሉ ኣዛራቢ ኮይኑ ዝርከብ፡ እቲ ተጻዋታይ እታ ብከም ዴቪድ ቤክሃምን ክርስትያኖ ሮናልዶን እትውደ ዝነበረት "ቁጽሪ 7 ማልያ ትግበኦ ድያ ዋላስ?" ዝብል እዩ።

ኣብ ኣርጀንቲና 14 ለካቲት 1988 ዝተወልደ ዲ ማርያ፡ ናይ ጸወታ ግዚኡ ምስ ሮዛርዮ ሰንትራል ኣብ 2005 ጀሚሩ። ክሳብ ለይቲ ሎሚ ድማ ምስ ክለባት በንፊካን ሪያል ማድሪድን ተሰሊፉ። ክሳብ 2007 ኣብ ሮዛርዮ ዝጸንሐ ዲ ማርያ 35 ጸወታታት ኣካይዱ - ሽዱሽተ ሸቶታት ኸኣ ኣቑጺሩ። ካብ 2007- 10 ኣብ በንፊካ ዝጸንሐ እቲ ኣርጀንቲናዊ፡ 76 ጸወታታት ተሰሊፉ 7 ሸቶታት ኸኣ ኣበርኪቱ። ምስ ሪያል ማድሪድ 124 ጸወታታት ዘካየደ ዲ ማርያ 22 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ካብ 2008 ጀሚሩ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ጸውዒት ዝረኸበ ዲ ማርያ፡ 52 ጸወታታት ኣካይዱ - 10 ሸቶታት ኸኣ ኣቑጺሩ። ኣብዚ እዋን፡ ከም ፕሪመራ ሊጋ ናይ ፖርቱጋል፡ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ፡ ላ'ሊጋ፡ ሱፐር ካፕ፡ ኮፓ ደል ረይ፡ ዋንጫ ሱፐር እስጳኛ፡ ወርቂ መዳልያ - ኣብ ኦሎምፒክ ከምኡ ድማ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም . . . ወዘተ ገለ ካብቲ ምስ ደቂ ጋንታኡ ዝዓተረን ሽልማታት እየን።

ማን ዩናይትድ ንዲ ማርያ ዘውጽኣትሉ መጠን ገንዘብ ምስ ካልኦት ከነወዳድሮ እንከለና፡ ጋረዝ በይል 86 ሚልዮን ፓውንድ፡ ሮናልዶ 80፡ ስዋረዝ 75፡ ዲ ማርያ 75፡ ነይማር 71.5፡ ሮድሪገዝ 63፡ ኢብራሂሞቪች 59፡ ካካ 56፡ ካቫኒ 55፡ ፋልካኦ 51 ቶረስ 50፡ ደቪድ ሉዊስ 50 ሚልዮን ፓውንድ ዝወድኡ ተጻወትቲ እዮም።





Bale (£86m to Real)
Ronaldo (£80m to Real)
Suarez (£75m to Barca)
Neymar (£71.5m to Barca)
Rodriguez (£63m to Real)
Ibrahimovic (£59m to Barca)
Kaka (£56m to Real)
Cavani (£55m to PSG)
Falcao (£51m to Monaco)
Torres (£50m to Chelsea)
Luiz (£50m to PSG)

ብርሃን ምሕረትኣብ

## "ጉጅለ እስላማዊት ሃገር (ኣይኤስ) ንዓና ዝዓበየ ስግኣት'ዩ" ኣመሪካ



ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ቻክ ሄገል፡ እቲ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ዝዋጋእ ዘሎ ጉጅለ ኣብዚ እዋን'ዚ ንሃገሩ ዝዓበየ ስግኣት ኮይኑ ምህላዉ ኣፍሊጡ። እቲ "እስላማዊት ሃገር" መስሪቱ ዘሎ ጉጅለ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ሰፊሕ ከባቢታት ተቖጻጺሩ ከምዘሎ ይፍለጥ።

እቲ ጉጅለ፡ ዝሓለፈ ቅንያት ንሓደ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ እናቐተለ ዘርኢ ቪድዮ ድሕሪ ምዝርግሑ፡ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ከቢድ ራዕድን ጸረ'ቲ ጉጅለ ዘቐንዐ ኀሰኳሳትን ይስማዕ ምህላው ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።

እቲ ጉጅለ ኣንጻር መንግስቲ ሶርያ ክዋጋእ እንከሎ፡ ካብ ኣመሪካን ደገፍታ ዝኾና ሃገራት ዓረብን ንዋታውን ገንዘባውን ሓገዝ ክረክብ ምጽንሑ'ዩ ዝጥቀስ። እንተኾነ ኣብ ዒራቕ ኣንጻር'ቲ ብኣመሪካ ዝቖመ መንግስቲ ተሪር መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍናዉን ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ ድሕሪ ምቕታሉን ካብ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ይወርዶ ምህላዉ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

ኣብቲ ካብ 8 ነሓሰ ጀሚሩ ዝቕጽል ዘሎ ደብዳብ ነፈርቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጉጅለ ሃሰያ ይወርድ ብምህላዉ፡ ሰራዊት ዒራቕ ብሚሊሻ ሺዓን ኩርድን እናተሓገዘ ገለ ኣገደስቲ ቦታታት ካብቶም ዕጡቓት መንዚዑ ይሕዝ ምህላዉ የፍልጥ።

ኣብ ዒራቕ ሰፊሕ ከባቢታት ተቖጻጺሮም ዘለዉ ዕጡቓት ጉጅለ እስላማዊት ሃገር ኣብታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ከምዝፍንዉ'ዩ ዝንገር። ተኸተልቲ ሺዓ ምኻኖም ዝንገረሎም ዕጡቓት ብወገኖም ኣብ ልዕሊ ተኸተልቲ ሱና ቀጻሊ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፍንውሉ ዘለዉ እዋን፡ ዒራቕ ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ሃይማኖታዊ ምፍሳስ ደም ትጥሕል ምህላዋ'ዩ ተዓዚብቲ ዘጠንቅቑ።

## ሰራዊት ኢራን ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት እስራኤል ከምዘዕነወ ገሊጹ



ኢራን ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት እስራኤል ወቒዓ ከምዘውደቐት ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ። ሰውራዊ ሓለዋ ኢራን ከምዝሓበሮ፡ እታ ነፋሪት ኣብ ጥቓ'ቲ "ናታንዝ" ዝተባሂሉ ዝጽዋዕ ትካል ኑክሌር'ታ ሃገር ክትጽጋዕ ብዝፈተነትሉ'ያ ብሚሳይል ተወቒዓ።

ይኹን'ምበር እቲ ካብ ከተማ ቴህራን ኣስታት 300 ኪሎሜተር ንደቡብ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኣበየናይ ዕለት ከምዝተፈጸመ ኣይተሓበረን። እታ ነፋሪት ብኸመይ ናይ እስራኤል ምኻና ተፈሊጡ ንዝብል ሕቶ'ውን ዝርዝራዊ መግለጺ ኣይተዋህበሉን።

ኣቐዲማ እስራኤል ንኑክሌሳዊ መደበራት ኢራን ከምእትጥቅዕ'ያ ክተጠንቅቕ ጸኒሓ። ነታ ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት ዘለኣኸትሉ ምኽንያት ድማ ንዓቕሚ ምክልኻል ኢራን ንምፍታሽ ክኸውን ከምዝኽእል'ዩም ተንተንቲ ዝግምቱ። ኢራን ካብ እስራኤል መጥቃዕቲ ምስዝፍነወላ ዘየዳግም ግብረ-መልሲ ከምእትህበሉ'ያ ተጠንቅቕ።

ዝዓበየ ኑክሌሳዊ ትካል ኢራን -"ናታንዝ" ብማእከላይ ዓቐን ዝማዕበለ ዩራንየም ዝርከበሉ ቦታ ምኻኑ'ዩ ዝጥቀስ። እስራኤልን ሓያሎ ሃገራት ምዕራብን፡ ኢራን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንምስራሕ ከምእትፍትን ክኸሳ እንከለዋ፡ እታ ሃገር ግን ነቲ ክሲ ብምንጻግ ተካይዶ ዘላ ንጥፈታት ኣብ ሰለማዊ መዓላ ጥራይ ከምዝውዕል'ያ ትገልጽ።

ብዛዕባ'ቲ ኢራን ተካይዶ ዘላ ኑክሌሳዊ መደባት ብዝምልከት፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ምዕራብን እታ ሃገርን ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ ገና ይቕጽል ምህላዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ኢቦላ ናብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣትዩ

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ሕማም ኢቦላ ከምዝተራእየ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ይሕብራ ኣለዋ። ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል'ታ ሃገር ኣብ ሓያሎ ሰባት ዝተራእየ ልዑል ረስኒ ብቫይረስ ኢቦላ ዝሰዓበ ምኻኑ ብሰብ ሞያ ጥዕና ተረጋጊጹ።

ሚኒስተር ጥዕና'ታ ሃገር ፈሊክስ ኑምቢ ንቢቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ሕሙማት ብዝተኻየደ መርመራ ብህይወት ዘለዉ ክልተ ሰባት ብቫይረስ ኢቦላ ከምዝተለኽፉ ተረጋጊጹ። ኣብቲ ከባቢ ኣቐዲሞም ዝሞቱ 13 ሰባት ድማ በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ ምንባሮም እቲ ሚኒስተር ኣረዲኡ።



ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ብቫይረስ ኢቦላ ንዝተለኽፈ ሰብ ዝኸውን ሓድሽ መወሸቢ ቦታ ኣዳልያ ምህላዋ እቲ በዓል ስልጣን ገሊጹ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት'ዚ ዝተቐልቀለ ሕማም ኢቦላ ኣብቲ ዞባ ቅልጡፍ ምስፍሕፋሕ የርኢ ምህላዉ'ዩ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር።

ኣብ ሃገራት ላይበርያ፡ ጊኒ፡ ሰራልዮንን ናይጀርያን ዛጊት ብሕማም ኢቦላ 1427 ከምዝሞቱ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ 2615 ሰባት በቲ ቫይረስ ከምዝተለኽፉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኢቦላ ፍሉጥ ፈውሲ ዘይብሉ ቀታሊ ሕማም'ኳ እንተኾነ፡ ገለ ሕሙማት 'ዚማፕ' ዝተባህለ ኣብ ፈተነ ዝርከብ መድሃኒት ብዝተዋህቦም ምሉእ ብምሉእ ከምዝሓወዩ ጸብጻባት ሕክምና የመልክቱ።

ኣቐዲሙ፡ ብቫይረስ ኢቦላ ዝተለኽፉ ክልተ ኣመሪካውያን ናብ ሃገሮም ከምዝኸዱ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ድማ ኣብ ሰራልዮን ዝሰርሕ ዝነበረ ብሪጣንያዊ ሓኪም በቲ ሕማም ከምዝተለኽፈን ብቑዕ ሕክምና ንምርካብ ናብ ሃገሩ ከምእተወሰደን ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ካብ ዝተለኽፉ ግዳያት ኑቶም 90 ሚእታዊት ክቐትል ዝኽእል ሕማም ኢቦላ፡ ንፈለማ እዋን ኣብ 1976 ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ከምዝተረኽበ ይግለጽ።

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ታይላንድ ወተሃደራዊ ዕልዋ ዝፈጸመ ጀነራል ፕራዩት ቻን ኦቻ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ኮይኑ ተመሪጹ። ንጉስ ታይላንድ ብወገኑ ንመሪሕነት ናይቲ ወተሃደራዊ በዓል-ስልጣን ብምጽዳቕ ነታ ሃገር ዝመርሕ መንግስቲ ክቖውም ፍቓድ ከምዝሃቦ ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ። ጀነራል ፕራዩት ቻን ኦቻ፡ ቃለ መሓላ ኣብ ዝፈጸመሉ ዕለት ግን ንጉስ'ታ ሃገር ብኣካል ከምዘይተረኸበ'ዩ ዝገለጸ። ወዲ 86 ዓመት ንጉስ ታይላንድ ሚዛኑ ኣዳልየደጅ ብጥዕናዊ ጸገማት ይሳቐ ምህላዉ ይፍለጥ። ታይላንድ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ዕልዋ ዘርኣየላ ሃገር'ያ።

**********

ሩሲያ ካልኣይ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝጻዕነ ቃፍላይ ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ምዃና ኣፍሊጣ። ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ከምዝሓበርኦ እቲ ህጹጽ ረድኤት ብኩናት ንዝተመዛበሉ ዜጋታት ምብራቓዊ ዩክሬን ዝውዕል'ዩ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌ ላቭሮቭ፡ እቲ ቃፍላይ ኣብ ዝመጻእ ሒደት መዓልታት ከምዝበጽሕ ኣፍሊጡ። ሩሲያ ኣቐዲማ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝጻዕነ ቃፍላይ መካይን ናብ ዩክሬን ከምዝለኣኸት ይግለጽ። ሩሲያ እትልእኾ ዘላ ቃፍላይ ወተሃደራዊ ሓገዝ ዝጻዕነ ከይከውን'ያ ዩክሬን ትሰግእ። ሞስኮ ኣብ ዶባት ክልቲአን ሃገራት ብዘሎ ዘለወን ታሕኪታትን ድሩዓት መካይንን ኣዋፊራ ምህላዋ ጸብጻባት ሓቢሮም። ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ብሰንኪ ዝተወለዐ ኩናት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ኣስታት 330 ሽሕ ሰባት ድማ ተመዛቢሎም ከምዘለዉ ጸብጻባት'ቲ ከባቢ የረድኡ።

******

እስራኤል ንመሲጋገሪ ንቑጣ ኤረዝ ከምዝዐጸወቶ ኣፍሊጣ። እስራኤል ነቲ ምስ ወሽመጥ ቓዛ ዘራኽብ ንቑጣ ክትዓጽዎ ዝወሰነት፡ ኣብቲ ከባቢ መጥቃዕቲ ሮኬት ብምፍጻሙ ምኻኑ'ያ ትገልጽ። እቲ ንቑጣ፡ ጋዜጠኛታት፡ ሰራሕተኛታት ረድኤትን ዲፕሎማሲኛታትን ካብን ናብን ወሽመጥ ቓዛን እስራኤልን ዘሰጋግር'ዩ። ብኻልእ ወገን፡ ነፈርቲ ውግእ እስራኤል ኣብ ሰሜናዊ ወሽመጥ ቓዛ ከምዝደብደባ ኣልጀዚራ ሓቢሩ። ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ሓንቲ ፍልስጤማዊት ምስ ሰለስተ ደቃ በቲ ደብዳብ ህይወታ ስኢና። ኣብዚ ሻድሻይ ሰሙኑ ዝሓዘ ደብዳብ ነፈርቲ እስራኤል ልዕሊ 2100 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ኣለዉ። ዕጡቓት ሓማስ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ብዘፍነውዎ መጥቃዕቲ ሮኬት ዛጊት 64 እስራኤላውያን ከምዝተቐትሉ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።

******

ምስሪ ኣብቲ ኣብ ትሪፖሊ ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ሊብያ ዝተኻየደ ደብዳብ ነፈርቲ ኢድ ከምዘይብላ ገሊጻ። ፕረዚደንት ምስሪ ዓብደል ፈታሕ ኣል ሲሲ፡ ሃገሩ ኣብቲ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ትሪፖሊ ኣብዚ ቅንያት ዝተፈጸመ ደብዳብ ኢድ ከምዘይብላ ሓቢሩ። እቶም እስላማውያን ዕጡቓት፡ ነቲ መዓርፎ ነፈርቲ ተቖጻጺሮሞ ከምዝቖጽሮን ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊኦም ጽዑቕ ደብዳብ ነፈርቲ ከምዝተኻየደን ተፈሊጡ። እቶም ኣኽራሪ መርገጺ ዘለዎም ዕጡቓት በቲ ዝተፈጸመሎም መጥቃዕቲ ንምስርን ኢማራትን'ዮም ዝኸሰሱ። ባይቶ ሊብያ ምስተን ሃገራት ከምዝተሓባበረ ብዘወሳኸኺ ይገልጹ። እቶም ዕጡቓት ንኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ትሪፖሊ ገና ተቖጻጺሮሞ ምህላዎም ምንጭታት ይሕብሩ።

**********